# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.143 ዓርቢ 14 ለካቲት 2025 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ካብ መንፋሕቲ ከሰዐ እፎይታ ...



ገጽ 3
ወዲ-ማጀር፡ ነጸብራቕ...



ገጽ 4
ዓወትን እምነትን



ገጽ 5
ዝኽሪ ለካቲት



ገጽ 7
ዕዮ ትርጉም ዓቢ ክፋል ህይወትና'ዩ ዝሕዝ




## ኤርትራውያን ተቐማጦ ወጻኢ መበል 35 ዓመት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል ጸንቢሎም




ኤርትራውያን ነበርቲ ኣስትርያ፡ ጀርመን፡ ኢጣልያ፡ ሽወደንን ደቡብ ሱዳንን መበል 35 ዓመት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል ብዘተፈላለየ መሰናድኣታት ብልዑል መዓርግ ጸንቢሎም።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ቬና - ኣስትርያ ዝነበሩ ዜጋታት፡ "ፈንቅል ቅሉዕ ሕርያ" ብዝብል ቴማ ኣብ ዝወደብዎ ጽንብል፡ ኣቦመንበር ማሕበሮም ኣቶ ዑቕባይ ኣብዲ ኣብ ዘስመዐ ቃል፡ ስርሒት ፈንቅል ፍጻመ ናይ'ቲ ንውሕ ዓመታት ዝተኻየደ ብረታዊ ቃልሲ ከምእተቓረበ ዘእንፈተ ወሳኒ ታሪኻዊ ስርሒት ምዃኑ ኣረዲኡ።

ኣብ ጀርመን - ዱዘልዶርፍ፡ ማንሃይም፡ ሽቱትጋርት፡ ፉልዳ፡ ኑርንበርግን ሄፐንሃይምን ብኹብ ዝበለ ስነስርዓት ክጽንብል እንከሎ፡ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ኣብ ዝተኻየደ ጽንብል፡ ጠቕላሊ ቈንስል ኤርትራ ኣቶ ክብርኣብ ተኸስተ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ መበል 35 ዓመት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል፡ ኣብ ዲፕሎማስያዊ ንጥፈታትን ክልተኣዊ ዝምድናታትን ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ኣብ ዝበጽሓሉ እዋን ይጽንበል ምህላዉ፡ ፍሉይነት ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ኩለንትናዊ ዓቕምታትና ኣወሃሂድና ኣንፈትና ናብ ልምዓት ክንቕንዕ እዋኑ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ብተመሳሳሊ፡ መበል 35 ዓመት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል ኣብ ከተማታት ኢጣልያ ማለት ሮማ፡ ሚላኖ፡ ቦሎኛ፡ ካታንያ፡ ፊረንዘ፡ ቶሪኖ፡ ፒዛን ቬሮናን ብ9 ለካቲት ብዘተፈላለየ መሰናድኣታት ተጸንቢሉ።

ኣብ ከተማ ሮማ ኣብ ዝተኻየደ ጽንብል፡ ኣምባሳደር ፍስሃጼን ጴጥሮስ፡ በሪ ናጽነት ዘርሓወ ስርሒት ፈንቅል፡ ነቲ ዘይከኣል ዝመስል ዝነበረ ዓወት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብዘየማትእ ንዓለም ዘረጋገጸ መስተንክራዊ ስርሒት ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ነዚ ታሪኽ'ዚ ናብ ሓደስቲ ወለዶታት ንምስግጋሩ ብሓባር ምስራሕ ከምዘድሊ ኣረዲኡ።

እቲ ታሪኻዊ ፍጻመ፡ ኣብ ከተማታት ኣብሩዞ፡ ፓለርሞ፡ ናፖሊ፡ ፓርማን ፓዶቫን ዝመጸአ ሰንበት 16 ለካቲት ክጽንበል ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣብ ሽወደን'ውን፡ መበል 35 ዓመት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል ኣብ ከተማታት ስቶክሆልምን ዮተቦርግን ከባቢኡን ብሸኽብ ዝበለ ስነስርዓት ተጸንቢሉ።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሃገራት ስካንዲናቪያ ኣቶ መሓመድ-ዓሊ መሓመድሰዒድ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ስርሒት ፈንቅል - መግዛእቲ ፍርቂ ዘመን ዝፈንቀለ፣ መስተንክራዊ ጅግንነት ዝተፈጸመሉ ፍጻመ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ህዝቢ ብድሙቕ ኣገባብ ብሓበን ክጽንበሎ ከሎ ረዚን ትርጉም ከምዘለዎ ገሊጹ።

መበል 35 ዓመት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል፡ ኣብ ጁባ - ደቡብ ሱዳን እውን ብኸብ ዝበለ ስነስርዓት ተጸንቢሉ።

እቲ ጽንብል፡ ነቲ ኣጋጣሚ ብዘንጸባርቕ ባህላውን ስነጥበባውን መሰናድኣታት ማዕረጉ ነይሩ።

---

## መበል 50 ዓመት ግፍዕታት ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኣስመራን ከባቢኣን ንምዝካር ምድላዋት ተጻፊፉ

ግዝኣተ ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ኣስመራን ከባቢኣን ዝፈጸምዎ ህልቂት ንምዝካር፡ ብምትሕብባር ምምሕዳር ዞባ ማእከልን ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ክካየድ ዝጸንሐ ምድላዋት ተጻፊፉ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ 16 ንኡሳን ዞባታት፡ ዕላማ ናይ'ቲ "ኤርትራ መሬታ እምበር ህዝባ ኣየድልየናን" ብዝብል መትከል ብሰወርን እወጅን ኣብ ልዕሊ ንጹሃን ኤርትራውያን ዝተፈጸመ ግፍዕታት ብሓፈሻ፡ ህልቂት፡ ፅንወትን ረሲያን ደማ ብፍላይ ጭልፋ ካብ ባሕሪ ብምጥቃስ፡ ዓብይቲ ንኸይርስዕዎ መንእሰያት ደማ ንኽፈልጥዎ ኣስተምህሮታት ይወሃብ ኣሎ።

ግዝኣተ ስርዓታት ኢትዮጵያ ታሪኽ ይቕረ ዘይብሎ ግፍዕታት ከምዝፈጸሙ ዝገልጹ ኣቕረብቲ ኣስተምህሮ፡ ኣብ ኤርትራ ብሓለንጊ መግዛእታዊ ስርዓታት




ኢትዮጵያ ዘይተተንከፈት ዓዲ ትኹን ከተማ ከምዘይነበረት ኣብነታት ኣሰኒዮም ገሊጾም።

ንኣብነት ኣስዒቦም፡ 1975ን 1976ን ንተቐማጦ ኣስመራ፡ ንግሆ ወፊርካ ንዝተኻ ብደሓን ዘይትምለሰለን ጸልማት ዓመታት ምንባሩ፡ ንዝተዓደ ዝበረ ብፍላይ ንመንእሰያት ዒላማ ዝገበረ ቅትለት ብማሕነቕቲ ስልኪ፡ ኣድራጋ ጠያይት፡ ምጉያሕ ብሸንጃን ካልእ ግፍዕታትን ብምጥቃስ ኣብሪሆም።

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ መጻኢ ወጽኢት ሕሉፍን ህልውን ስለዝኾነ፡ ንሕሉፍ ምረት መግዛእቲ ምርካስ ብምግባር፡ ኣብ ከባቢኦም ዝተፈጸመ ግፍዕታት ብሓፈሻ ዝተኸፍለ ዋጋ ህይወት፡ ዝዓነወ ንብረትን ዝተረፈሰ ሃብትን ድሕሪ ምዝርዛር፡ ቈልዑን መንእሰያትን ብዝበኡ ንኽፈልጥዎን እቲ ታሪኽ ንኸሰርጽዎምን ኣብ ካልኦም ኣትዩ ከም ዓይነት ትምህርቲ ብስሩዕ ክወሃብ ተላቢዮም።

ግዝኣተ ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ኣስመራን ከባቢኣን ዝፈጸምዎ ህልቂት ንምዝካር ብዞባ ደረጃ ዝተዳለወ መደብ፡ ቀዳም 15 ለካቲት ኣብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ክቐርብ ምዃኑ፡ ካብ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ዝተረኽበ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

# ካብ መንፋሕቲ ከስዐ እፎይታ ዝፈጥሩ መንገድታት

መንፋሕቲ ከስዐ ኢጋጠምዎ ዘይፈልጥ ሰብ የለን፡፡ መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ 18 ሚእታዊት ካብ ህዝቢ ዓለም ኣብ ሰሙን ሓንሳብ መንፋሕቲ ከስዐ የጋጥሞ፡፡ መንፋሕቲ ከስዐ ኣብ ደቂ ኣንስትዮን ሽማግለታትን ብዙሕ ልሙድ ከም ዝዀነ እቲ መጽናዕቲ ወሲኹ የረድእ፡፡

መንፋሕቲ ከስዐ ባህ ዘየብል ስምዒታት ስለ ዘለዎ፡ ማሕበራዊ ንጥፈታት ኣብ ምክያድ ዓንቃፊ እዩ፡፡ ይኹን'ምበር፡ ብቐሊሉ ንምእላዩ ከም ዝከኣል ክንዘንግዖ የብልናን፡፡ ምውሰዋስ ኣካላት፡ ምክያድ፡ መተካእታ መድሃኒት (supplements) ምውሳድ፡ ማሳጅ፡ ለውጢ ኣመጋግባ ወዘተ ነቲ መንፋሕቲ ብቐሊሉ ንምእላዩ ዝሕግዙ ኣገባባት እዮም፡፡

ስለምንታይ መንፋሕቲ ከስዐ የጋጥመና?

መንፋሕቲ ከስዐ፡ ኣምዑት/መዓንጣ ብጋዝ ወይ ኣየር ምስ ዝመልእ ዘጋጥም ኩነታት እዩ፡፡ መብዛሕትና፡ መንፋሕቲ ከስዐ ኪጋጥመና እንከሎ፡ ከስዕና ብመግቢ ዝመልአ (ማለት ዝጸገብና) ኮይኑ ይስመዓና እዩ፡፡ ከምኡ ግን ኣይኮነን፡፡ እቲ መንፋሕቲ ኣብ ኣምዑት እዩ ዘሎ፡፡ እቲ ጋዝ ሓንሳብ ምስ ወጸ ድማ ብኡ ንብኡ ከስዕና ክእከብ/ክጮብጦ እዩ ዝጅምር፡፡

መንፋሕቲ ከስዐ ኪጋጥመና እንከሎ፡ ከስዕና ክገዝፍን ክተርርን ልሙድ እዩ፡፡

**መንፋሕቲ ከስዐ ምስ ዘጋጥመና፦**

- ቃንዛ፡
- ተደጋጋሚ ምጉሳዕን ጋዝ ምውጻእን፡
- ፍርቕርቕ/ጎረዐረዕ ዝብል ድምጺ ኣብ ከስዐ ምስማዕ ወዘተ ዝኣመሰሉ ምልክታት ክርኣዩ ልሙድ እዩ፡፡

ጋዝ ወይ ኣየር

ጋዝ እቲ ቀንዲ መንፋሕቲ ከስዐ ዘስዕብ ጠንቂ እዩ፡፡ እዚ ብዙሕ ግዜ ድሕሪ ምምጋብና እዩ ዘጋጥም፡፡ ብዖበኡ ሓቚቕም ኣብ ከስዐ ዝበጽሑ መግብታት ክዋቐቑ እንከለዉ፣ ወይ ኣብ ዝኾነ ኢጋጣሚ ኣብ ከስዕና ኣየር ምስ ዝኣትወና፣ ኣብ መስመር መተሓላለፊ መግቢ (ካብ ከስዐ ክሳብ መሃንቱስ) ናይ ግድን እዩ ጋዝ ዝእከብ፡፡

ዝኾነ ሰብ ክበልዕ ወይ ክሰቲ እንከሎ ኣየር ይውሕጥ እዩ፡፡ ገለ ሰባት ግና ዝያዳ ካልኦት ብዙሕ ኣየር ይውሕጡ፡፡ መን እዮም እዚኣም?

- ቅልጥፍ ቅልጥፍ እናበሉ ዝበልዑ፡
- ማስቲካ ምሕያኽ ዘዘውትሩ፡
- ሽጋራ ዘትክኹ ወዘተ፡፡

ጥዕናዊ ጸገማት

ጥዕናዊ ጸገም፡ መንፋሕቲ ከስዐ ከስዕብ ዝኽእል ካልእ ጠንቂ እዩ፡፡

- ከም 'ኣልሰር' (ulcer) ዝኣመሰለ ኣብ ከስዐ ዘቃጽል ስምዒት ዝፈጥር ሕማም፡
- ዝተፈላለዩ ጸገማት/ሕማማት ናይ ከስዐ (gastrointestinal disorders)፡
- ቀሓር፡
- ተኣፋፍነት ንመግቢ፡
- ቅልጡፍ ምውሳኽ ክብደት ሰብነት፡
- ብፍላይ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዝርአ ምቅይያር ናይ ሆርሞናት (hormonal flux)፡
- ከም ጃርዲያ (giardiases) ዝኣመሰለ ኣብ ኣምዑት ዝርአ ረኽሲ ናይ ጽግዕተኛ (parasite)፡
- ዘይንቡር ኣመጋግባ - ከም ሸውሃት ኣልቦነት (anorexia) ከምኡ'ውን ተደጋጋሚ ተምላስ (bulimia)፡
- ከም ወጥሪ፡ ጽቕጢ፡ ቃዝዮናትን ካልእን ዝኣመሰሉ ኣእምሮኣዊ ጸገማት ከምኡ'ውን፡
- ከም ጠንቂ መንፋሕቲ ከስዐ ዝጥቀሱ ገለ ዓይነት ፍወሳ እዮም፡፡

**መንፋሕቲ ከስዐ ምእላይ ዝሕግዙ ቅልጡፍ ኣገባብ**

መብዛሕትኡ ግዜ መንፋሕቲ ከስዐ ዘጋጥም ጋዝ ኣብ ከስዐ ወይ ኣምዑት ምስ ዝእከብ እዩ፡፡ ምስ ተመገብና፡ ሻቡ መንፋሕቲ የጋጥመና እንተሎ፡ ነቲ ጸገም ብህጹጽ ንምእላይ ዝሕግዙ መንገድታት ኣለዉ፡፡

**- ብእግሪ ምጉዓዝ**

ምውሰዋስ ኣካላት፡ ከስዐ ንጡፍ ዝኾነ መግቢ ናይ ምሕቃቕ መስርሕ ከካይድ ስለ ዝሕግዝ፡ ብቐሊሉ ካብ መንፋሕቲ ክንኮላገል ንኽእል ኢና፡፡ ድሕሪ ምምጋብ ብእግሪ ምጉዓዝ እቲ ዝበለጸ ኣገባብ ምኳኑ ኣይትዘንግዑ፡፡

**- ማሳጅ ኣብ ከስዐ**




መንፋሕቲ ከስዐ ኪጋጥመና እንከሎ፡ ንምእላዩ ማሳጅ ምክያድ እቲ ዝበለጸ ኣገባብ እዩ፡፡ እቲ ኣገባብ፦

- ክልቲኡ ኣእዳውና ኣብ ዓጽሚ የማናይ ምሕኮልትና ኣተራኢስና ነቕምጦ፡
- ቀስ ብቐስ ብመልክዕ ክቢ ነቲ ከስዐ እናደረዝና ክሳብ የማናይ ወገን ቆፎ ማሰንገልና ንጽሕጦ፡
- ኣዚ ናይ ምድራዝ/ማሳጅ ኣገባብ ህድእ ኢልና ብምክያድ ክሳብ ላዕለዋይ ሸነኽ ከስዕን ጸጋማይ ቆፎ ማሰንገልን ንጽሕጦ፡
- ብድሕሪዚ ቀስ እናበልና ብመልክዕ ክቢ እናደረዝና ናብ ጸጋማይ ዓጽሚ ምሕኮልቲ ንወርድ፡፡
- ዚ ኣገባብ ክሳብ እቲ መንፋሕቲ ዝሓልቀልና ደጋጊምና ክንካይዶ ይከኣል እዩ፡፡

እቲ ማሳጅ ዝኾነ ቃንዛ ይፈጥረልካ እንተሎ ግና ክተቋርጾ ይከኣል እዩ፡፡

**- ብውዑይ ማይ ምሕጻብ**

ብውዑይ ማይ ምሕጻብ፡ ብሰንኪ መንፋሕቲ ኣብ ከስዐ ዝፍጠር ቃንዛ ኣብ ምህዳእ ልዑል ጥቕሚ እዩ ዘለዎ፡፡ እዚ ጭዋዳታት ከስዐ ብዘየገድእ ከም ዝፈታትሑን ከም ዝዘርን ስለ ዝገብር እዩ፡፡

- ከም ሻሂ ዝኣመሰሉ ውዑይ ፈሳሲ ምውሳድ

ኣምሚላ ወይ ዝንጅብል መንፋሕቲ ናይ ምእላይ ጠባይ ዘለዎም ዓይነት ቀመማት እዮም፡፡ እዞም ቀመማት እዚኦም ጸረ-ምቅጻል ባህሪ'ውን ኣለዎም፡፡ ዋዒ ናይቲ ሻሂ'ውን ንባዕሉ ሰብነትና ከምዝዝሕ ናይ ምግባር ዓቕሙ ልዑል እዩ፡፡

- ለውጢ ኣብ ኣነባብራ

ኣብ መብዛሕትኡ ኩነታት፡ መንፋሕቲ ከበዲ ንምፍዋስ ዘኽእል ዝበለጸ ኣገባብ ለውጢ ኣብ ኣነባብራ ምግባር እዩ፡፡ ንኣብነት ልዕሊ ንቡር ክብደት ብምውናንካ ዝጋጥመካ መንፋሕቲ ከስዐ ንምፍዋስ እቲ ዝቐለለ መንገዲ ክብደት ሰብነትካ ምጉዳል እዩ፡፡ ባልደንጓ ብምብላዕካ መንፋሕቲ ከስዐ የጋጥመካ እንተሎ፡ ነቲ መግቢ ቀጺሉ ካብ ምውሳዱ ምቁጣብ እዩ፡፡

መንፋሕቲ ከስዐ ናብ ውሽጢ ብዙሕ ኣየር ብምእታው ይስዕብ እዩ፡፡ እቲ ኣየር ብእተካየዶም ዘይንቡር ልምድታት ዝኣተወ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ ስለዚ፡ ብዙሕ ኣየር ናብ ከስዐ ብምእታዉ ዝጋጥመካ መንፋሕቲ ከበዲ ንምእላይ፦

- ማስቲካ ኣይትሓየኽ፡፡ ማስቲካ ምሕያኽ ተወሳኺ ኣየር ናብ ከስዐ ክኣቱ ጠንቂ ይኸውን እዩ፡፡
- ትሕዝቶ ካርቦን (carbonated) ዘለዎም ዓይነት መስተ ካብ ምውሳድ ምቁጣብ፡
- ጋዝ ዝፈጥሩ ዓይነት ኣሕምልትን ጥረታትን ከም ካውሎን ዓይነት ጥረታትን ዘይምውሳድ፡
- ክትበልዕ እንከለኻ ህድእ ኢልካ ምምጋብን ነቲ መግቢ ብዙዮጉእ ሓዩኽካ ምውሓጥን፡
- ማይ ክትሰቲ እንከለኻ ብመምጸዪ ሻምብቆ (straw) ካብ ምስታይ ምቁጣብ፡

ሓደገኛ ዝኾኑ ጠንቅታት

መንፋሕቲ ከስዐ ምልክት ናይ ዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት ኮይኑ'ውን ይጥቀስ እዩ፡፡ ንኣብነት፦

- መንሽሮ ናይ ከስዐ ወይ መዓንጣ፡ ሕማም ጸላም ከብዲን ኩሊትን ከምኡ'ውን ዝተፈላለዩ ሕማማት ናይ ልቢ መንፋሕቲ ከስዐ የስዕቡ እዮም፡፡
- ሕማም ጉርጓሕ ከብዲ (celiac disease) ሓደ ካብ ምልክታት መንፋሕቲ ከብዲ እዩ፡፡
- ቆሽጢ (pancreas) ብግቡእ 'ኤንዛይም' ክተንዝዕ ብዘይምኽኣሉ ዘጋጥም ሕማም መንፋሕቲ ከስዐ የስዕብ እዩ፡፡

እዞም ልዒሉም ዝተጠቕሱ ዓይነታት መንፋሕቲ ከስዐ፡ ሳዕቤናም ከቢድ ብምኳኑ ግቡእ ሕክምናዊ መርመራን ፍወሳን ከም ዘድልዮ ዘይምዘንጋዑ፡፡

**መዓስ ናብ ሓኪም ትኸይድ?**

እቲ መንፋሕቲ ከስዐ በዞም ዝስዕቡ ምልክታት ምስ ዝሰነ፡ ናብ ሕክምና ክትከይድ ይግባእካ፡፡

- ከቢድን ንዊሕ እዋን ዝጸንሕን ቃንዛ ከስዐ
- ደም ዝተሓወሶ ወይ ጸሊም ቀልቀል ምስ እትርኢ፡
- ብሰንኪ'ቲ መንፋሕቲ ምሓር መቑት ሰብነት ምስ ዝስማዓካ፡
- ዘቋርጽ ወጽኣት ምስ ዘጋጥመካ፡
- ከቢድ ናይ ምቅጻል ስምዒት ኣብ ኣፍልቢ ምስ ዝህልወካ፡
- ተደጋጋሚ ተምላስ ምስ ዘጋጥመካ፡
- ዘይንቡር ምጉዳል ክብደት ሰብነት ምስ እተርኢ ተቐላጢፍካ ናብ ሕክምና ክትከይድ ኣለካ፡፡

መንፋሕቲ ከስዐ ዘስዕቡ መግብታት

ብመግቢ ተኣፋፊ ዝኾኑ ሰብ፡ ዝተፈላለዩ ዓይነታት መግቢ መንፋሕቲ ከስዕን ወጽኣትን ከስዕቡሉ ይኽእሉ እዮም፡፡ ስለዚ ኣብ ኣመጋግባ ጥንቃቐ ብምግባር ነቲ መንፋሕቲ ምእላዩ ከም ዝከኣል ኣይትዘንግዑ፡፡

**መንፋሕቲ ከስዐ ዘስዕቡ መግብታት ኣየናት እዮም?**

- ባልደንጓ፡ ኣዳንጉረ፡ ፋጁሊ

ከም ባልደንጓ፡ ኣዳንጉረ፡ ፋጁሊ ወዘተ ዝኣመሰሉ ዓይነት ጥረታት ልዑል ትሕዝቶ ፕሮቲንን ካርቦሃይድረይትስን እዩ ዘለዎም፡፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ናይ ቫይታሚንን ማዕድንን ትሕዝቶ ዘለዎም ብጽሒቲ'ውን ዝሓብተሙ እዮም፡፡

ይኹን'ምበር፡ መብዛሕትኦም ጥረታት 'ኣልፋ-ጋላክቶሳይደስ' (alpha-galactosides) ዝተባህለ ሽኮራዊ ትሕዝቶ ኣለዎም፡፡ እዚ ምስ 'ፎድማፕስ' (FODMAPs) ዝተባህለ መኣዛዊ ትሕዝቶ ካርቦሃይድረይትስ እዩ ዝምደብ፡፡

'ፎድማፕስ' ሓጺር ናይ ካርቦሃይድረይትስ ተርታ (ሰንሰለት) ስለ ዘለዎ ካብ መስርሕ ምሕቃቕ መግቢ ብቐሊሉ እዩ ዝምልጥ፡፡ ናብ ኣምዑት ሓሊፉ ድማ መሕብኢን መጎሰዕትን ባክተርያ ይኸውን፡፡ በዚ ድማ መንፋሕቲ ከስዐ ከስዕበልና ዝኽእል ጋዝ ይፍጠር፡፡

ከምዚ ዓይነት ጸገም ዘጋጠሞ ሰብ - መንፋሕቲ ከስዐ፡ ጎረዐረዕ ዝብል ድምጺ ኣብ ከስዕን ወጽኣትን ከስዕቡሉ ይኽእሉ፡፡

ኣቐዲምካ ነዞም ጥረታት ኣሊኽካዮም ብምጽናሕን ደጋጊምካ ብምሕጻብን ናይ 'ፎድማፕስ' ትሕዝቶኦም ብምጥፋኡ ክተጉድሎ ይከኣል እዩ፡፡

**- ብርስን**

ብርስን ከም ኩሉም ጥረታት ልዑል ትሕዝቶ ፕሮቲን፡ ጽሕጊ፡ ካርቦሃይድረይትስን ሓያሎ ዓይነት ማዕድናትን ዝሓቘፈ እዩ፡፡

ልዑል ትሕዝቶ ጽሕጊ ስለ ዘለዎ፡ ኣብ ገለ ሰባት መንፋሕቲ ከስዐ ይፈጥር እዩ፡፡ ከም ኩሉም ጥረታት'ውን ናይ 'ፎድማፕስ' ትሕዝቶ ኣለዎ፡፡ እዚ ዓይነት ሽኮርዚ ብፍላይ ኣብቶም ጸገማት ናይ ከስዐ ዘለዎም ሰባት ብቐሊሉ መንፋሕቲ ይፈጥር እዩ፡፡

ብርስን ንመግቢ ቅድሚ ምድላውካ ብግቡእ ደጋጊምካ ብማይ ምሕጻብ እቲ ዝሓሸ ኣማራጺ እዩ፡፡

**- ካርቦን ዘለዎም ዓይነት መስተ (Carbonated drinks)**

ካርቦን ዘለዎም ዓይነት መስተ መንፋሕቲ ከስዐ የስዕቡ እዮም፡፡ እዞም ዓይነት መስተ'ዚኦም ልዑል ትሕዝቶ ካርቦን ዳይኦክሳይድ ጋዝ ትሕዝቶ ኣለዎም፡፡

**- ስርናይ**

ስርናይ ብደረጃ ዓለም ብብዙሕ ካብ ዝበልዑ ዓይነት እኽሊ እዩ፡፡ ብመልክዕ ባኒ፡ ፓስታ፡ ፒሳ ወዘተ እናቐረበ ድማ ብብዙሕ ይዝውተር፡፡

ስርናይ 'ግሉተን '(gluten) ዝተባህለ ዓይነት ፕሮቲን ዝሓቘፈ እዩ፡፡ ብፍላይ ኣብቶም ጸገም ናይ ከስዕን ምሕቃቕ መግብን ዘለዎም ሰባት፡ ስርናይ መንፋሕቲ ከስዐ፡ ወጽኣትን ቃንዛ ከብድን ይፈጥር እዩ፡፡

**- ካውሎ**

ካውሎ ናይ ጽሕጊ፡ ቫይታሚንን ማዕድንን ትሕዝቶ ኣለዎ፡፡ 'ፎድማፕስ' ናይ ዝተባህለ ዓይነት ሽኮር ትሕዝቶ ስለ ዘለዎ'ውን ጠንቂ መንፋሕቲ ከስዐ ኮይኑ ይጥቀስ እዩ፡፡

**- ጸባን ውጽኢቱን**

ጸባን ውጽኢቱን ልዑል መኣዛዊ ትሕዝቶ እዩ ዘለዎም፡፡ ብፍላይ ኣብ ትሕዝቶ ፕሮቲንን ካልሽየምን ኣብ ቅድሚት እዮም ዝስርዑ፡፡

ይኹን'ምበር፡ ዝኾኑ ጸባን ውጽኢቱን 'ላክቶስ' (lactose) ዝተባህለ ዓይነት ሽኮራዊ ትሕዝቶ ኣለዎም፡፡ እዚ ዓይነት ሽኮርዚ ብፍላይ ኣብቶም ተኣፋፊ ከስዐ ዘለዎም ሰባት ብቐሊሉ ኣይሓቅቕን እዩ፡፡ ከም ውጽኢቱ መንፋሕቲ ከስዐ፡ ቃንዛን ወጽኣትን ክፈጥር ይርአ፡፡

**ምንጪ፦ health line**


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም    ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ    ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**

ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ማህደር ጀጋኑ

ሸሞንዲ ዑቕባሚካኤል

6ይ ክፋል

## ወዲ-ማጆር፡ ነጸብራቕ ጅግንነት ተጋዳላይ

ኣብ ሓምሻይ ክፋል ዓንቀጽ ናይዚ ኣርእስቲ'ዚ፡ ወዲ-ማጆር ኣብ ውግእ ሰላሕታ ወራር ኣብ ውዕሎታት ሽጊይ፡ ጨለማ፡ ሳታ፡ ባሩና ልዕሊ. ሰለስተ ግዜ ከም ዝተወግአ፣ ይኹን ደኣ'ምበር፡ ቁሰለ ወይ ተወጊአ ኢሉ ኣብ ሕክምና ረጊኡ ቀ'ነሱ ከሕዊ ከም ዘይፈተነ፣ ብኣንጻሩ፡ ኣብ ክፍሊ. ሕክምና ኑየም ከምኡ ዝኣመሰሉ ውጉኣት ወዲቡ ናብቲ ዓውደ-ውግእ ይኣትው ከም ዝነበረ ተረኺቡ። ብዘተወሳኺ፡ ኣብ መጥቃዕቲ ከተማ ተሰነይ፡ ከምኡ'ውን ኣብቲ ብ22 ለካቲት 1984 ኣብ ሰሜናዊ ሳሕል ንምድምሳስ እዚ ውቃው ዝተኻየደ ቀዳማይ ፈተነ መጥቃዕቲ ተሳቲፉ ክልተ ኣእዳዉ. ተሓምሺሹ ናብ ሕክምና ከም ዝኸደ፣ እቲ ቀዳማይ ዘይዕወት ፈተነ




ኣብ 19 መጋቢት 1984 ክድገም ምስ ተወሰ'ውን ኑቲ መደብ ዝፈለጠ ወዲ-ማጆር ካብ ሕክምና ሞሊቑ ኣብቲ መጥቃዕቲ ክሳተፍ ካብ ደጀን ናብ ቅድመ-ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ከም ዝተበገሰ ተረኺቡ። መቐጸልታ ናቱ እንሆ፥

እተን ሓይልታት፡ ከም ኣብ ቀዳማይ መጥቃዕቲ ኣብቲ ካልኣይን ደምሳሲ. መጥቃዕቲ ንምስታፍ፡ ኣብ ድሮ ዕለት ፍጻመ ትጉዕዘ ሓዲረን ናብቲ ግንባር ተጸጊዐን ተሓቢአን ወዓላ። ግን ኣብዚ. መጥቃዕቲ'ዚ. ህዝባዊ ሰራዊት መጥቃዕቱ ብግዜ ቀትሪ ክኸውን'ዩ መሪጹ። ተጋዳላይ ኣብ ከምዚ. ዝበለ ምሹብሻብ ከሎ፡ ወዲ-ማጆር ኣብቲ ግንባር ተራእዩ። ካብ ወጀባ ተሰቒሉዎ ዝመጽአ ናይ ጽዕነት ማኪና ኣብ ጥቓ'ቶም ኣብ ወሰን መንገዲ. ዝጸንሑ ኣባላት ሕክምና ብርጌድ 23 ምስ በጽሐት ደው በለት'ሞ፡ ወዲ-ማጆር ዝል ኢሉ ካብኣ ክወርድ ኣብርሀት ብርሃን ብጺታን ተዓዘቡዎ።

እቲ ከቢድ መውጋእቲ ኣጋጢሙዎ ናብ ሕክምና ሕሸክብ ዝተፋነወ ተጋዳላይ ወዲማጆር ቀልጢፉ ተመሊሱ ምምጻኡ ዘሰደመማ ኣብርሀት፡ ኑታ ገና ተዓጺፋን ተጀኒናን ዝነበረት ኢዱ እናጠመተት፡ “ወዲማጆር፡ እንታይ ደኣ ኴንካ መጺእካ? ኢድካ ከይሓወየት?” በለቶ። ወዲ-ማጆር፡ “ሓውያ'ንድያ፣ ገለ የብላን” ኢሉ ንመቐሰልቱ ኣቃልል ኣቢሉ መለሰ። ግን ብወግዒ ካብ ሕክምና ተፋንዩ ከም ዘይተመልሰ ንኣብርሀትን ብጺታን ርዱእ ነበረ። ምኽንያቱ ኢዱ ከም ዘይሓወየትን ኣብ ክንክን ከም ዘላን ባዕላ ትምስክር ነበረት። ተጋደልቲ ካብ ሕክምና ሃዲሞም ናብ ቅድመ-ግንባር ከም ዝምለሱ ልሙድ ተርእዮ ስለ ዝነበረ፡ እቶም ዝዕዘቡ ዝነበሩ ተጋደልቲ ወዲ-ማጆር ብኢደ ወጹ ካብ ሕክምና ሞሊቑ ከም ዝመጽአ ካብ ኣቃውማ ኢድ ወዲ-ማጆር መረዳእታ ወሰዱ። ግን ኣብታ መጥቃዕቲ ንምጅማር ተብተብ ዝበለላ ዝነበሩ ሰዓት ንዕኡ ንድሕሪት ንምምላስ ንምርድዳእ ኩነ ንምግዳዱ ግዜ ኣይነበርምን።

ሽዑ፡ ታንኪታት ህዝባዊ ግንባር ናብ ቅድሚት ይኣትዋ ነበራ። ጸንሕ ኢሉ'ውን ከኣታት ኣየር ካብ ጸሓይ ናብ ደብና ተቐየረ'ሞ፡ “ያላ! ተበገስ” ዝብል ትእዛዝ ሰማዕ። ተጋዳላይ፡ ኣብ ዝተሰኽተተ ድስቲ ዝጸንሐ መግቢ. ንመሬቱ ደፊኡ፣ ንብረቱ ኣልዒሉ ኣብ ማኪይን ተሰቕለ። ክሳብ ፍርቂ መንገዲ. ብማኪይን ተጓዒዙ ዝተረፈ. ናብ ደፋዕ ጸላኢ. ዘበጽሕ ርሕቀት ብእግሩ ተጓዒዙ ብጨው ቀትሪ ናብ ጸላኢ. ተጸገዐ። ከበድቲ ብረት ህዝባዊ ግንባር፡ ሰዓት 12:30 ናብ ደፋዓት ጸላኢ. ክዘርም ጀመረ። ድሕሪ ፍርቂ ሰዓት (ሰዓት 13:00) ከኣ ኣጋር ሰራዊት ክዝጅም ጀመረ።

ዓቕሚ ሰብ ጸላኢ. ኣብቲ ግንባር ኣስታት 6000 እዩ። ኣብ ግዜ ቀዳማይ መጥቃዕቲ 4500 ዝነበረ ኮይኑ ኣብዚ. ካልኣይ ግን 1500 ወሰኽ ገይሩ። ዓቕሚ ሰብ ወገን ግን ምስቲ ኣብ ቀዳማይ መጥቃዕቲ ዝተሰለፈ. ብዙሓ. ተመሳሳሊ. ነበረ። ሽዑ ትሽዓት በጦሎኒታትን ክልተ ሓይልታትን ነበራ። ኣብዚ. ካልኣይ መጥቃዕቲ ግን ኑቲ ብሰንኪ. ኣብ ቀዳማይ መጥቃዕቲ ዓቕሚ ሰቡ ተጓዲሉ ዝነበረ ብርጌድ 23 ጥራይ ከም ዝምላእን ዝስተኻኸልን ተገይሩ። ብወገን ጸላኢ'ውን ዓቕሚ ሰቡ ደኣ ወሲኹ ነበረ'ምበር ኣብ ኣጸዋርኡ ለውጢ. ኣይገበረን። ግን “ሻዕብያ መጥቃዕቲ ክደግም'ዩ!” ብምባል ኣዚ. ናይቲ ግንባር ሰግኣቱ ክሕብር ከም ዝጸንሐ ኣብ ታሪኽ ተመዝጊቡ ንረኽቦ።

ህዝባዊ ሰራዊት፡ ኣብ 19 መጋቢት 1984 ልክዕ ሰዓት 13:00 በርቃዊ መጥቃዕቲ ምስ ከፈተ፡ ቀዳማይ መከላኸሊ. መስመር ጸላኢ. ተሰበረ። ደፋዓት ጭዕራ፡ መድሃኒጦ፡ ባሕሪ፡ ዕርዲ. ኮማንደስ፡ ዕርዲ. ጣልያን፡ ጸቦጦ፡ ገድለ፡ ጋዴን፡ ዓንሞባ … ኣብቲ ዝተደልየ ግዜ ተታሕዙ። ኣብዚ. እቲ መጥቃዕቲ ፊት ንፊት ብቐድሚት እዩ ዝኸይድ ነይሩ። በዚ. መልክዕ'ዚ. ናይ ህዝባዊ ሰራዊት ኵናት ደረጃ ብደረጃ ንቕድሚት እናሰጎመ ኣውጊት ተታሒዛ ንጸባሒቱ ቐትሪ ክራይ ተበጽሐ። ወዲ-ማጆር፡ ኣብዚ. ካልኣይ መጥቃዕቲ'ዚ. እውን ተወጊኡ ናብ ህጹጽ ረዲኤት ሕክምና ብርጌድ ተመልሰ። ኣብ ውሽጢ. ሰለስተ ሰሙን ክልተ ግዜ መውጋእቲ።

ወዲ-ማጆር ኣብ ካልኣይ መጥቃዕቲ ምድምሳስ እዚ. ውቃው ተሃሪሙ ክወድቕ ከሎ፡ ንተጋዳላይ ተሰፉይ ወልደገርግስ ዝተሰውኣ መሰሎ። “ወዲ-ማጆር ተሰዊኡ ኣሎ፡ ዘልዕሉ ሰብት ስደዱልና” ክብል ቅባጹቱ ገለጸ። ኣጋር ሓከም ተጋዳላይ ግርማጼን ተወልደ (ወዲዘጋል) ኣብቲ ጸልማት ኢዱ ሓዊሱ ንወዲማጆር እንተ ፈተሸ፡ ኣብ ርእሱ ዝፈ ጉድጓድ ተፈጢሩ ጸንሖ። ግን ህይወቱ ከም ዘላ ስለ ዘረጋገጸ ካብ ሳንጣ ቀዳማይ ረዲኤት ባንደጅ ኣውጺኡ ሸፈኖ። ወዲ-ማጆር ህይወቱ ከም ዘይሓለፈት መስኪሩ ንሕክምና ክለኣኽ ከም ዘለዎ ንብዒል ተሰፉይ ገለጸሉ።

እዛ መውጋእቲ'ዚኣ፡ እታ ንዓይንን ጸጋማይ ግንባርን ወዲ-ማጆር ጕሚዓ ዘወሰደት ከቢድ ማህረምቲ እያ። ኣብ ቅድሚት (ሜዳ ዓውደ-ውግእ) ቀዳማይ ረዲኤት ተገይሩሉን ተላዒሉን ናብ ክፍሊ. ህጹጽ ረዲኤት ብርጌድ ምስ በጽሐ፡ ኣብርሀት ብርሃ ካብቶም ቀዲሞም ዓይኖም ዝረኣየት ተጋደልቲ ነበረት'ሞ፡ “እውይ ወዲማጆር! ሕጂ ኸኣ ቀዳማይ ቀ'ነሱ ከይሓወየ ካልኣይ ግዜ ተወጊኡ መጺኡ፡ ” በለት ብድንጋጸ። ሓወሲ. ድንዘዙ ኮይና፡ ርእሱ ተጀኒኑ ሃለዋቱ ኣጥፊኡ ደቂሱ ኸሎ ተኩራ ተመልከተቶ። ኩላቶም ሓካይም ብኸኒታት ወዲ-ማጆር ደንጸዩዎም፡ እቲ ዝገበር ሕክምናዊ ሓገዝ ሂቦም ናብ ወጀባ ኣሕለፉዎ።

እታ ‘ብኻ'ካ ኣይትኸድ!’ እናበለቶ፡ ንሱ ከኣ፡ ‘ጥራይ እንታይ ክምላኣልኪ?’ እናበለ ኣብ ሕክምና ወጀባ ዝገደፋ እዝጎም ፍስሃየ፡ ኣብታ መዕረፊኣ ኸላ ወዲ-ማጆር ካብ ግንባር ከም ዝመጽአ ወረ በጽሓ። እዝጎም፡ ወዲ-ማጆር ተመሊሱ ተባሂሉ ብጉዲ ተሰጉጉ ዝመጽአ መሰሉዋ፡ “ሰጉጕሞዶ? ጸቡቕ ገበሩዎ!” በለት። ሓቀኛ ኩነታቱ ምስ ፈለጠት ግን ብስንባደን ድንጋጸን ርእሳ ሓዘት። እዝጎም፡ ብምርኩስ ተደጊፋ ቀስ እናበለት ናብቲ ወዲ-ማጆር ዝደቀሰሉ ቦታ ከይዳ ረኣየቶ። ወዲ-ማጆር፡ ኣይዓበዕ ኣይሰተ ኮይኑ ኩሉ ርእሱ ተሸፊኑ፣ ሃለዋቱ ብምጥፋእ ደቂሱ ጸንሓ። መውጋእቲ ወዲ-ማጆር ከቢድ ስለ ዝነበረ ናብ ማእከላይ ሕክምና ውድብ ዓራርብ ኣምርሐ። እዝጎም ድማ ሓውያ ናብ ግንባር ናብ መስርዓ ተጸንበረት።

እዝጎም ፍስሃየ'ውን ናብ መስርዓ ምስ ተመልሰት ካብ'ዕረፊት ኣብ ውግእ ታባ ኢትትሰመ ኣተወት። ከምዛ ሎሚ ናብ ኣሃዱኣ ዝተሓወሰት ከምዛ ንጽባሕ ኣብታ ታባ ውግእ ተሳቲፈት'ሞ ሽዑ'ውን ተወጊኣ ናብ ዓራርብ ኣምርሐት። መቐሰልታ ፈኲስ ስለ ዘይነበረ ኣብቲ ሕክምና ምስ ኣተወት ክሳዕ ወርሒ. ኣይተንቀሳቐሰትን። ንወዲ-ማጆር ክትርእዮ'ኳ ተሃንጥያ እንተ ነበረት፡ ክትንቀሳቐስ ብዘይምኽኣላ ክሳብ ተመሓይሻ ባዕላ ትበጽሖ ኣብ መደቀሲኣ ኮይና ሰብ እናጠየቐት ኩነታቱ ትፈልጥ ነበረት። ምስ ሓሻ ኸኣ ንምርኣዩ ሰለይ እናበለት ናብ መደቀሲኡ ከደቶ።

ወዲ-ማጆር ቀ'ሩብ ተመሓይሹ ክዘረብ ጀሚሩ'ኳ እንተ ጸንሖ፡ ግን ካብ ዓራቱ ክትንስእ ይኽእል ኣይነበረን። ማህረምቱ ኣብ ርእሲ. ስለ ዝኾነ ክብደት ነበሮ። ምስ ግዜ ግን በብቑሩብ ተመሓየሸ። ድሕሪ'ዛ ማህረምቲ'ዚኣ ኣብ ክፍልታት ክምደብ ነይሩዎ።

ኣብ ሓይልታት ከገልግሉ ዘይክእሉ ተጋደልቲ፡ ኣብ ደጀን ናብ ዝርከብ ክፍልታት ውድብ እያም ዝውገኑ፤ ኣብኡ ተመዲቦም ዓቕሞም የበርክቱ። ወዲ-ማጆር ከኣ ብሰንኪ. ከቢድ ስንክልና ካብ ደፋዕ ወሪዱ ናብ እንዳ ንግዲ. ተመደበ። ንሱ ግን ገና ንኡሱ ከም ስንኩልቲ ኣይኣመነሉን። “እንዳ ንግዲ. ቦታይ ኣይኮነን። ናተይ ቦታ ኣብ ሓይልታት እዩ” ኢሉ ኣደመ።

ኣብ ክፍልታት ምምዳብ ካብ ልቢ. ስለ ዘይተቐበሎ፡ ክሳዕ ድሕሪ ስርሒት ምድምሳስ እዚ. ናደው (ግዜ ምርብራብ) ናብ ቅድመ-ግንባር እናኸደ ኣብ ዓውደ-ውግእ ይኣትው ነበረ። ንሱ ካብ ደጀን ሞሊቑ ናብ መሳርዕ ሓይልታት ክኣትው፡ ወዲ. ሓኸተን ኣማረ ተኽሊይን ካብ ሓይልታቶም ክሰጉዎ ተረባረቡ። ካብቲ ተደጋጋሚ ካብ ደጀን ሞሊቑ ናብ ደፋዕ ዝኣተወሉ ሓደ መዓልቲ፡ ንሱ ኣብ መሳርዕ ብዓል ኣማረ ተኽሊይ ክበጽሕን ውግእ ኣብ ግንባር ከረን ክውላዕን ሓደ ኮነ'ሞ፡ ሓሳብ ልቡ ሰሚሩሉ ኣብቲ ውግእ ተሳቲፈ። ግን ሓንቲ መዓልቲ'ኳ ከይወዓለ ሕጂ'ውን ተወጊኡ ናብ ሕክምናኡ ተጓዕዘ።

ከምዚ. ኣብ ታሪኹ ዝረኣናዮ ወዲ-ማጆር ንጸላኢኡ ጨካን'ኳ እንተ መሰለ፡ ኣብ ብጾቱ ዝነበሮ ርህራህ ግን ኣንጸራዊ መልክዕ ነበሮ። ብጾቱ ብመስዋእቲ ክፍለዩዎ ከለዉ. ክጻወር ኣይክእልን ነበረ። መራሒ. ጋንታ በርህ ተሰፉንክኤል ከም ዝተሰውአ ኣብ ዝተነግረሉ ግዜ ንኣብቶት፡ ኣዒንቱ ብንብዓት መፅገቲ. ተሳኢኑዎ ምእባድ ኣበየ። ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ ተጋደልቲ'ውን ሕልፍ ዝበለ ኣኽብሮትን ርህራህን የርኢ. ነበረ። ወዲ-ማጆር፡ ኣብ መግቢ. ስሱዕ ኣይነበረን። ካብ ሓንቲ ባ. ንላዕሊ. ኣይበልዕን እዩ። ኣብ ስራሕ ግን ቀዳማይ ይሰርሕ ነበረ።

* * *

ድሕሪ ናጽነት ዝተፈላለዩ ኣባላት መራሕቲ ህዝባዊ ግንባርን ተመራመርቲ ታሪኽን ኑቲ ዝሓለፈ. ዕጥቃዊ ቃልሲ.




ተጋዳሊት እዝጎም ፍስሃየ

ክዋምዋሙ ከለዉ፡ “ተጋዳላይ፡ ሓደ ን15 ዓቕሚ ጸላኢ. ጥራይ ኣይተዋገአ” ይብሉ። ገሊኦም ሓደ ን27 ክብሉዎ ከለዉ. ካልኦት ድማ ሓደ ን100 የብጽሑዎ እዮም። ስርዓታት ኢትዮጵያ፡ ካብ ብዙሓ. ዓቕሚ ሰብ ጀሚርካ ክሳብ ወተሃደራዊ ንዋት ጠገለ ዘይነበሮ ቀረብ ነይሩዎም። ጸላኢ፡ ሳላ ግዳማዊ ደገፍ፡ ካብቲ ከም ኣንበጣ ዝብዝሑ ህዝቢ. መንእሰይ ገጠራ ብምዕሳር ክንዲ. ዝደለዮ ዓቕሚ ሰብ ኣሰልጢኑ ከሰልፍ ጸገም ዝነበሮ ኣይነበሮን። ብምዕራባውን ምብራቓውን ደንበታት ከም ዘይሓልፍ ሓንቲቑ እዩ። ሞያዊ ብቕዓት መኮንናቱ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት እናኸዱ ተመልሚሎም ከይኣክሉ፡ ኣማኸርቲ ቅድሚታት ውግእ፡ ዘወርቲ ታንኪታትን ነፈርቲ ውግእን ደቂ ወጻኢ. ኣብ ጎድኖም ኣሰሊፎም ሰውራ ኤርትራ ንምድምሳስ ኣዒንቶም ሰለም ኣቢለን ኣይፈለጣን። ሶቬታውያን ሓንጸጽቲ ስትራተጂ ኩናት'ሞ ኸኡ ክሳብ እቲ ኩናት ብዓወት ህዝቢ. ኤርትራ ዝዛዘም ኣብ ጎድኒ ጸላእትና ተኾሶ ክብሉ ጸሓይ ዓሪቡዎም እዩ። ኣብ ምድምሳስ እዚ. ናደው ተማሪኾም ኣብ ኢድ ህዝባዊ ግንባር ዝወደቑ መኮንናቶም ዘይሕከኽ ምስክር ሰነድ ጉዳያም ንዓዶም ተወጊናሙ።

ህዝባዊ ግንባር ከኣ ብኣንጻሩ፡ ኣይኩነን ኣህጉራዊ ደገፍን ሓገዝን ክረክብ ምስ ህዝቡ ዝራኸበሉ መዓጹን መሳኹትን እናተዓጽዋ፡ ብፍላይ ኣብ ግዜ ሻድሻይ ወራር ኣብ ጸቢብ ምድሪዊት ደሴት ናቕፋን ከባቢኣን ተኸቢቡ ተሪፉ ነበረ። “ንወዝቡዴ ካብ'ቲ ምንጪ. ዓቕሚ ሰቡ ዝኾኑ ህዝቢ. ነጺልናዮ ኣለና፣ እቲ ዝነበረ ሰብኣውን ዕጥቃውን ትሕዝቶ ጸንቂቑ ስለ ዝኾነ፡ ሕጂ ኢዱ ክህብ እዩ” እናበለ ተኸታታሊ. ወራራት ኣካየዱ። ግን ፋይዳ ኣልቦ ኢዱ ነቢሩ ተረፈ። እቲ ዝኸፍኣ ድማ ስርዓታት ኢትዮጵያ ይኹኑ እቶም ዝሕግዙዎም ዝነበሩ ናይ ወጻኢ. ሓይልታት፡ ን30 ዓመታት ዝኣክል ካብ ዕለት ናብ ዕለት ናብ ውድቀት ገጾም ክንቀልቀሉ ከለዉ. ምስጢር ስዕረቶም ክይፈለጡ እቲ ኩናት ብስዕረቶም ምዝዛሙ እዩ።

ይቕጽል



# ሕብራዊት ብርዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ዓወትን እምነትን



ሱን ትዙ፡ "ዓወት ኣብ ጸገማት ዕድላት ካብ ምርካብ እዩ ዝመጽእ" ብምባል እዩ ንዓወት ዝገልጾ። ዓወት ማዕረ ዕምሪ ደቂ-ሰብ ዝዘዘርበሉን ንመጽኢ'ውን ዝዘረብሉን ኣምር'ዩ። ንመሰረታዊ ትርጉሙን ፍልስፍናኡን ብዝምልከት ብዙሓት ፈላጣት መብርሂታትን ትንተናታትን ሂቦምሉ እዮም። እዙም ዝሰዕቡ ንዓወት ዝገልጹ ኣበሃህላታት ከም መወከሲ ክንርእዮም ንኽእል ኢና። ዓወት ብዙሓት ኣገረምቲ፡ ተበሃግቲ፡ እወታዊ ነገራት፡ ውልቃዊ ብልጽግና፡ ከም ጽቡቕ መንበሪ ገዛ፡ ዘረት፡ ጉዕዞ፡ ሓደስትን ዘመናውያንን ነገራት ምውናን፡ ገዝኣዊ ሃብቲ፡ ደቅኻ ብጽቡቕ ምዕባይ ዝኣመሰሉ የጠቓልል። ዓወት ኣድናቖት ምርካብ፡ መራሒ ምዃን፡ ኣብ ማሕበራዊ ህይወትን ውልቃዊ ዕዮን ተቐባልነት ምርካብ እዩ። ዓወት ናጽነት ካብ ጭንቀት፡ ናጽነት ካብ ፍርሒ፡ ናጽነት ካብ ራዕዲ፡ ናጽነት ካብ ውድቀት'ዩ። ዓወት ርእሰ ኣድናቖት፡ ቀጻልነት ዘለዎ ሓጎስን ዕጋበትን ካብ ህይወት ምርካብን ኑዩም ካብኻ ሓገዝ ዝደልዩ ክትሕግዞ ምኽኣልን'ዩ። ዓወት ጽቡል ምባል ማለት'ዩ። ዓወት ናይ ህይወት ዕላማ'ዩ። ዝኾነ ሰብ ክዕወት ይደሊ'ዩ። ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ህይወት ካብ ትሂቦ ነገራት ነቲ ዝበለጸ ክጭብጦ'ዩ ዝደሊ። ውድቀት፡ ኣብ ትሕቲት ደረጃ ምንባር፡ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ናይ ህይወት ምስራዕ ዝደሊ የለን። ብእምነት ዝኾነ ነገር ክግበር ይከኣል። እምነት መርሓ ዓወት እዩ። ቀዳማይን ኣገዳስን ክትዕወት ከም እትኽእል ምእማን እዩ። ክፈሽል እየ ኢልካ እንተ ሓሲብካ ክትዕወት ዘሎ ተኽእሎ ኣዝዩ ጸቢብ እዩ። እዚ ርእሰ ተኣማንነት እዚ ሓደ ሰብ ውሳኔ ንኽወስድን ዕላማታት ንኽወቅዕን ኣገዳሲ እዩ። እምነት ሰር ኩሉ ዓወታት እዩ።

ሓደ ነገር ክዕበሮ'ዩ ክበጽሖ እየ ኢሉ ዝኣመነ ሰብ ምሉእ ተስፋ'ዩ ዘውንን። ህይወት ተስፋ'ያ። ተስፋ ከኣ ወሽጣዊ ሓይሊ እዩ። ተስፋ ጽቡቕ እዩ። ምስ ክውንነት ኣዛሚድና ክንጸበ ኸኣ ልቦና እዩ። "ተስፋ ምህላው ናብ ዓወት ዝመርሕ እምነት እዩ። ብዘይ ተስፋን ምትእምማንን ዝግበር ነገር የለን"- ብምባል ኢያ ሄለን ከለር ትገልጾ። ልዑል ርእሰ ተኣማንነት ንኽልኣት ሰባት ርእሰ ተኣማንነት ንኽሰጥርዩ ይድርኾም እዩ። ክትዕወት ከም ትኽእል ፈለማ ክትኣምን ኣሎካ።

ኣብ መንጎ እምነትን ትምኒትን ዘሎ ኣተሓሳስባ ኣብ ገለ ኢጋጥሚታት ይተሓዋወስ እዩ። ሓቂ'ዩ ኸኣ። ብምምናይ ጥራይ ጎቦ ተንቀሳቒሱ ኢኻ ማለት ኣይኮነን። ብምምናይ ጥራይ ልዑል ናብራ ይህልወካ ማለት ኣይኮነን። ዓቢ መንበሪ ህንጻ ዓቢ ኣታዊ ተመሪኻ ጥራይ ዝርከብ ኣይኮነን። "ኣነ እወታዊት'የ። ኣነ እኽእል'የ። ወዘተ." ዝበሉ ኣረኣእያ፡ ነቲ ሓይሊ መተግበሪ ዝኾነውን ክእለትን ዓቕምን ዘጥሪ'ዩ። እንተ ደኣ "ክገብሮ እኽእል'የ" ኢልካ ኣሚንካ፡ እቲ ኣገባብ ኣተገባብራ ይምዕብል'ዩ።

መዓልታዊ ናብ ሓድሽ ስራሕ ዝጽንበሩ ብዙሓት መንእሰያት ኣለው። ኩሉ ድማ ሓደ መዓልቲ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክበጽሕ'የ ኢሉ ይምነ። እንተኾኑ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ስራሕ ክበጽሕ እየ ዝበል እምነት ክህልዎም ኣገዳሲ እዩ። እንተ ደኣ ኣብ ላዕለዋይ ደረጃ ምብጻሕ ኣይክእልን'ዩ ኢልኪ፡ ኣሚንኪ፡ ነቲ ናብ ላዕሊ ዘብጽሕ መሳልል ክትረኽቦ ኣይትኽእልን ኢኺ።

ገለ መንእሰያት ከም ዝዕወቱ ኣረጋጊጾም ይኣምኑ። ስርሖም ናብ ላዕለዋይ ደረጃ ክበጽሕ'ዩ ብዝበል መንፈስ የተግብሩ። ብጽኑዕ እምነቶም ድማ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ይበጽሑ። ከም ዝዕወቱ ብምእማን "ዘይክኣል የለን" ብምባል ኣብ ልዕሊኦም ዘለዉ ሰባት ከመይ ገይሮም ንሸግራቶም ከም ዝገጠምዎምን ውሳኔ ከም ዝወሰዱን ብምዕዛብ ይመሃሩ።

**ኣመለኻኽታ ናይ ዕዉታት ሰባት ደስ ይብለኩም** "ከመይ ገይረ የተግብሮ?" ዝበል ሓሳብ፡ ኩሉ ሻብ "ክገብሮ እኽእል'የ" ኢሉ ኣብ ዝኣምን ሰብ'ዩ ዝመጽእ። እዚን ዝስዕባ ሰለስተ ነጥብታት ድማ፡ ሓይሊ እምነት ንምብርታዕ ዝሕግዛ እየን።

- **ብውድቀት ከይተሓሰብካ ብዛዕባ ዓወት ምሕሳብ፦** ኑዩም ናይ ውድቀት ሓሳባት ብናይ ዓወት ሓሳባት ተክኦዮም። ሕማቕ ኢጋጥሚ ምስ ዘጋንፈካ "ክዕወት'የ። ኣይክስረን'የ" ኢልካ ሕሰብ። ውድድር ምስ ዘጋጥመካ፡ "ምስቲ ዝበለጸ ክዳረግ እኽእል'የ። ኣነ ተራ ሰብ ኣይኮንኩን" በል። "ኣይክእሎን'የ" ኣይትበል። ንኣተሓሳስባኻ "ክዕወት'የ" ዝበል ኣበሃህላ ይዓብልሎ። ሓሳባት ዓወት ምሕሳብ ኣእምሮኻ ናይ ዓወት ውጥናት ከም ዘማዕብል ዝገብር'ዩ። ሓሳባት ውድቀት ምሕሳብ ከኣ ኣእምሮኻ ፍሽለት ከም ዝሓስብ ይገብሮ።
- **ዕዉታት ሰባት ፍሉያት ኣይኮኑን፦** ዕዉታት ሰባት ልክዕ ከም ካልኦት ሰባት ፍጡራት ኰይኖም ኣብ ነብሶም እምነት ዘማዕብሉ'ዮም። ፈጺምካ ንብስኻ ኣይተትሕት።
- **ምምዕባል ልዑል እምነት፦** ብዙሕ ዓወትካ ብዕብየት እምነትካ'ዩ ዝውሰን። ዓቢ ዕላማ ሓዙ። ዓቢ ዓወት ክትዕወት ኢኻ። እቲ ምንታይሲ ዓበይቲ ሓሳባትን ዓበይቲ ዕላማታትን ካብ ንኣሽቱ ሓሳባትን ዕላማታትን ንምትግባርን ይቐለ።

## ብዛዕባ ምስዕዓም

ምስዕዓም ብሳይንሳዊ ኣጸዋውዓ ፒልማቶሎጂ ይበሃል። ኣብ ምዕንርቲ ምስዕዓም፡ እዚ ምስዕዓም ናይ ዕርክነት ኮይኑ ብሓቂ እፈትወካ'የ ንምባል የገልግል። ኣብ ግንባር ምስዕዓም፡ እዚ ምስዕዓም መብዝሕትኡ እዋን ኣደ ንውላዳ ወይ ኣብ መንጎ ስድራቤትን ኣዕሩኽን ይፍጸም። ናይ ፈረንሳ ምስዕዓም (French kiss)፡ ገለ ካብ ዓይነታት ምስዕዓም ብሸንፈር ዝፍጸም ዕምቈት ዘለዎ ስዕመት እዩ።

ኣብ ሃገራት ምዕራብ 5 ለካቲት ከም ዓለምለኻዊ መዓልቲ ምስዕዓም ኢያ ትፍለጥ። ኣብ ዝተኻየዱ መጽናዕትታት፡ ምስዕዓም ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዝያዳ ባህታን ምዝናይን ይፈጥር። ጭንቀት ኣብ ምፍዋስ'ውን ዕዙዝ ግደ ኣለዎ። ብባህሊ ምዕራባውያን ኣብ እዋን ምስዕዓም ልዕሊ 66% ካብ መጻምድቲ ኣዒንቶም ይዕምቱ። እዚ ከኣ ኣብ መጻምድኻ ንዘህልወካ ኩብረ ንምግላጽን ጸቕጢ ንዘይምፍጣርን ዝግበር ልምዲ ከም ዝኾነ ይንገር። ኣብ ስነ ስርዓት መርዓ ዝፍጸም ዓይነት ምስዕዓም፡ ካብ ባህሊ ጥንታውያን ሮማውያን ዝረዓመ'ዩ። ከም ምፍርራም ወይ ውዕል ናይ'ቲ ዝግበር መርዓ ከኣ ይሕሰብ። ካልእ ኣብ ግዜ ምስዕዓም ዝፍጠር ተዘዚታ'ዩ።

ክልቲኦም ተሰዓዓምቲ ካብ ኤለክትሪካዊ ዋሕዚ ናጻ እንተ ጸኒሖም ዝፍጠር ሓድሽ ነገር የለን። ተዘዚታ (Shock) ምስ ዘጋጥም ግን ሓዲኦም ምልኣት ኤሌትሪሲቲ ኣማዕቢሉ ጸኒሑ ኣሎ ማለት'ዩ። እዚ ምልኣት'ዚ ናብ'ቲ ናጻ ዝጸንሐ ሰብ ክውሕዝ እንከሎ ድማ'ዩ ተዘዚታ ዘጋጥም። እዚ ማለት ከኣ ዋሕዚ ኤሌትሮን ናብ ሰበይትና ብመልክዕ ተዘዚታ ይዝርጋሕ ኣሎ ማለት'ዩ። ብኸመይ ሓደ ሰብ ምልኣት ኤሌትሮንስቲ የማዕብል እንተ ኢልና፡ እቲ ሰብ ኣቐዲሙ ምስ ሓደ ግሉል ጸፍሒ ምትንኻፍ ገይሩ እንተ ጸኒሑ፡ እቲ ጸፍሒ ምስቲ ሰብ ምልኣት ኤሌትሮንስቲ ተለዋዊጡ ኣሎ ማለት'ዩ። ብዘተፈላለዩ ኣገባባት ኣብ ኣካላትና ዝተዘርግሐ ምልኣት ኤሌክትሮንስቲ ምስ ሰብ ክንሰዓዓም እንከሎና ብመልክዕ ተዘዚታ ናብቲ ንስዕሞ ዘሎና ሰብ ይመሓላለፍ ማለት'ዩ።



### ጥቕስታት ሕብራዊት ብርዒ

- "ለካቲት ወርሒ ፍቕሪ ኢያ፡ ፍቕሪ ድማ ወቕቲ ከም ዘይፈሊ ኢያ እትምህረና።" - **ዘይተፈልጠ**
- "ቃልካ ንምሕላው እቲ ዝበለጸ መንገዲ ቃልካ ዘይምሃብ እዩ።" - **ናፖልዮን ቦናፓርት**
- "ስራሕ ካብ ሰብ ህይወት ከኣ ካብ ዓርቢ እያን ዝጅምራ።" - **ኦዞማ ያሲን።**
- "ኣብ ብዙሕ ኢጋጥሚ ሰባት ክፈልጥዎም ዝደልዩ ነገራት መብዝሕትኦም ብዛዕባ ዘየገድስዎም ጉዳያት እዮም።" - **ጆርጅ በርናርድ ሾው**
- "ተመክሮ ንጌጋታትና እንህቦ ስም እዩ።" - ኦስካር ዋይልድ
- "ኣብ ህይወትካ እቲ ኣገዳሲ ዝምድና ምስ ነብስኻ እተካይዶ ርክብ እዩ።" - **ዲያን ፑን ፉርስተንበርግ**
- "ስጉምቲ ኣብ ምውሳድ እንተ ተጻዊትካ ክትሕገስ ኢኻ፡ እንተ ተሳዒርካ ድማ ለባም ክትከውን ኢኻ።" - **ዘይተፈልጠ**

## ኣብዘይ እዋኖም ዝውለዱ ዕሸላት

ቅድመ-እዋን ወሊድ ማለት ሓደ ህጻን ቅድሚ እቲ ግቡእ ግዜኡ ክውለድ ከሎ እዩ። እቲ ሕርሲ ቅድሚ መበል 37 ሰሙን ጥንሲ እዩ ዘጋጥም። ኣብ ልሙድ ኣስታት 40 ሳምንቲ እዩ ዝወሰድ። መብዝሕትኡ ግዜ ቅድሚ ግዜኦም ዝውለዱ ህጻናት ብፍላይ ኣዝዩ ዝቐልጠፈ ምስ ዝኾውን ከቢድ ናይ ጥዕና ጸገማት የጋጥም እዩ።

ቅድሚ ግዜኦም ዝውለዱ ህጻናት ሞት ናጽላታት ዓለም ምኽንያት ይፍለጡ። ቅድመ-እዋን ወሊድ ስለምንታይ ከም ዘጋጥም ንምፍላጥ መጽናዕታት ይካየድ እዩ። ገለ ስነ-ፍልጠተኛታት ድማ ነቲ ኩነት ምስ ተወርሶ የተሓሓዝዎ እዮም። ቅድመ-እዋን ወሊድ ብዝይካ ጠንቂ ሞት ናጽላታት ምኻኑ ኣቡዩም ዝደሓኑ ናጽላታት'ውን ሓያሎይ ጥዕናዊ ጸገማት ዝፈጥር'ዩ። ምዝንባል ኣብ ስርዓተ ምስትንፋስን መትኒን ገለ



ኣብ ሃገራት ህንዲ፡ ፓኪስታን፡ ናይጀርያ፡ ቻይናን ኢትዮጵያን ብዝበዝሐ የጋጥም። ብ 5 ሓምለ 2020፡ ኣብ ኣመሪካ ዝተወልደ ክርቲስ፡ ኣብ መበል 21 ሰሙንን ሓደ መዓልትን ዝተወልደ ኩይኑ፡ ኣብ ዓለም እቲ ዝበዝሐ ቅድሚ ግዜኡ ዝተወልደ ህጻን ብህይወት ዝነበር ዘሎ እዩ። ብመዝገብ ክብረወሰን ዓለም ሰርቲፊኬት ረኺቡ ኣሎ።

ቅድመ-እዋን ወሊድ ጠንቂ ዝበዝሐ ካብ ዝጥቀሱ እዮም። ተመራመርቲ፡ እዚ ኩነት ምስ ተወርሶ የተሓሓዝዎ እዮም። ምስ ቅድመ-እዋን ወሊድ ዝተሓሓዙ ሓያሎይ ምኽንያታት ኣለው። ስነ-ፍልጠተኛታት ቅድመ-እዋን ወሊድ ንኸጋጥም ልዑል ደርኺት ዝገብር ጂን ከም ዘለዎ ይገልጹ። እዚ መጽናዕቲ ፍልቀታዊ ለውጢ ኣብ ማሕፀን ወሊድ ደቂ ሰብ ለውጢ ኣምጺኡ'ዩ ንዝበል ክልሰ-ሓሳብ ዝኽትል'ዩ።

ስለሙን በርሀ
መእተዊ

# ዝኽሪ ለካቲት
## 6ይ ወራር ኣብ 42 ዓመቱ

*15 ለካቲት 1982፡ ኣብ ታሪኽ ወተሃደራዊ ግጥማት ሓርነታዊ ቃልሲ፡ እቲ ጥርዚ ኩሉም ወራራት ስርዓት ኢትዮጵያ ምንባሩ ዝፍለጥ ሻድሻይ ወራር (ብኣጸዋውዓ ስርዓት ደርግ ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ) ዝጀመረሉ ዕለት እዩ። ተጋዳላይ ነቲ ስርዓት ደርግ ክልተ ዓመት ምሉእ ሰፊሕ ምድላዋት ገይሩ ብልዑል ርእሰ-ተኣማንነት፡ ሰውራ ኤርትራ ሓንሳብን ንሓዋሩን ክድምስስ ምእንቲ ብኣዋጅ ኣፍሊጡ ዘንቀሎ ማዕበል ሰፊሕ ወራር ማኪቱ ንምፍሻል ብዙሕ ማሳዋእቲ እዩ ከፊሉ። ኣብዚ ናይ ሞትን ሕየትን መሪር ጥምጥም፡ ልዕሊ 2700 ሕሩያት ጀጋኑ ደቂ'ዛ መሬት ማሳዋእቲ ክኾኑ ከለዉ፡ ልዕሊ 5000 ተጋደልቲ ከም ዝቖሰሉ ሰነዳት ሓርነታዊ ቃልሲ ይሕብሩ።*

*ታሪኽ ሻድሻይ ወራር፡ ብሓደ ዓንቀጽ ናይ ጋዜጣ ዝወድእ ኣይኮነን። ብ መጽሓፍ ጽሒፍካ እውን ብምሉኡ ክትገልጾ ኣጸጋሚ እዩ። ዝኽሪ ንምሕዳስ ግን ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ጸማቝ ሓበሬታ ናይቲ ወራር ሒዛትልኩም ቀሪባ ኣላ።*


### ግጥማት ሻድሻይ ወራር ብሓጺር

ካብ መፋርቕ 1978 ጀሚሩ ክሳብ ሓምለ 1979፡ ስርዓት ደርግ፡ ብዘይፍ ደገፍ ርእሰ ሓያል ሕብረት-ሶቭየትን መሻርኽታን፡ሰውራ ኤርትራ ንምጭፍላቕ ዘዋደዶ ሓሙሽተ ተኸታታሊ ወራራት ተሓምሺሹ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ታሕሳስ 1979 ኣብ ግንባር ናቕፋን ሶሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን መጥቃዕታዊ ተየጽ ብምውሳድ ዓቢ ወተሃደራዊ ዓወት ድሕሪ ምጉንጻፉ፡ ደርግ ከም ብሓደሽ ንሰውራ ኤርትራ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ክጭፍልቕ ዘኽእሎ ዓቕሚ ንምድላው፡ ንክልተ ዓመት መመላእታ (1980-1981) ኣብ ሰፊሕን ወሳኒን ምድላዋት ተጸሚዱ'ዩ ኣሕሊፍዎ። ዘድሊ ምድላዋት ድሕሪ ምጽፋፍ ከኣ፡ ሰውራ ኤርትራ ሓንሳብን ንሓዋሩን ካብ ገጽ መሬት ንምሕካኽ፡ "ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ" ኢሉ ዝሰመዮ፡ ናይ መወዳእታን ደምሳሲን ክኸውን ዝተሓሰበ ወተሃደራዊ ወፍሪ ኣበገሰ።

ስርዓት ደርግ ኣብ ርእሲ ዘይተቖጠበ ደገፍ ኣጽዋር፡ ኣብ ወተሃደራዊ ስትራተጂ፡ ምኽሪ ወተሃደራዊ ክኢላታት ሕብረት-ሶቭየትን መሻርኽታን ሰፊቑ ብዘየቋርጽ ልዑል ምድላዋት ምሐር ስለዝተኣማመነ፡ ምድምሳስ ሰውራ ኤርትራ ከሎ ኹና ከበሮ'ዩ ተጓይዩ። በዚ ድማ፡ ኣብ ጥሪ 1982፡ ካብ መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝተወከሉን ወጻኢተኛታት ደገፍቱን ዝተረኽብሉ ዓብይ ዋዕላ ኣብ ኣስመራ ብምቕናዕ "ኣስመራ ማኒፈስቶ" ዝተሰምየ ወግዓዊ ኣዋጅ ኣሕለፈ።

ዚ ብዓይነቱ ካብቶም ቀደማይ ዝተኻየዱ 5 ወራራት ፍልይ ዝበለ ዓቢ ወተሃደራዊ ወፍሪ'ዚ ንምዕዋት፡ ስርዓት ደርግ፡ "ሳዕለዋይ እዚ ውጥን ወተሃደራዊ ወፍሪ" (ወተሃደራዊ ዘመቻ እቅድ መምሪያ) ዝተሰምየ ኣካል ብምቛም፡ ነቲ ቀደማይ ብጉብረሃይልታት ዝበረ ኣቃውማ ገዲፉ፡ ሰራዊቱ ብእዝታት ወደቦ። በዚ መሰረት ሰለስተ እዝታት ኣቖመ፡ 'ውቃው እዝ' ኣብ ግንባር ሶሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፡ 'መብረቕ እዝ' ኣብ ግንባር ባርካ፡ 'ናደው እዝ' ኣብ ግንባር ናቕፋ። መራሒ ስርዓት ደርግ መንግስቱ ሃይለማርያም ድማ፡ ሳዕለዋይ ኣዚዚ ሰራዊት ኮይኑ፡ ነቲ ኩናት ብቐረባ ንምምራሕ ብሶቭየታውያን ወተሃደራዊ ኣማኸርቲ ተዓጂቡ ኣብ ኣስመራ መኣዘዚ ነቑጣ ማሰረተ።

ኣብቲ ናይ ክልተ ዓመት ምድላዋቱ፡ ስርዓት ደርግ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ኤርትራ ኣቐዲሙ ዝጸንሐ ዓቕሚ፡ ተወሳኺ 120,000 ሰራዊት ኣሰሊፉ፡ ብዘይሓገዘ ታንክታት ኀይታት እናሓኸፈ ምስ ተጋደልቲ ክገጥሙ ዝኽእሉ፡ ሃፍርን ኣጽምእን ዝጸወሩ ወተሃደራት ብምስልጣን፡ "ተራራ" ዝተሰምያ ፍሉያት ክፍላተ-ሰራዊት (ክፍሉጦራት) ኣቖመ። እዘን ክፍሉጦራት፡ ኣብ ኣጽምእ ኢጋዴን ፍሉይ



ታዕለም ወሰዱ። ብድሕሪኡ፡ ኣብ ሰፊሕ ከበቢታት ትግራይ ዳህሳስ ብምኪያድ፡ ኣብ ልዕሊ ሓይልታት ወያነ መጥቃዕቲታት እናፈጸሙ፡ ግብራዊ ናይ ውግእ ልምምድ ኣካየዱ። ዚ ዕማም'ዚ ፈጺመን ናብ ኤርትራ ምስ ሰገራ ከኣ፡ "ኣልፋ-ፕሮጀክት" ብዝተሰምየ ስርሒት፡ ኣብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ ንዘንቀሳቐሱ ተጋደልቲ ንምጽራይ ሰፊሕ ወፍሪ ኣካየዱ። ስርዓት ደርግ ብዘይኣዚዚ፡ ምንቅስቓስ ደጀን ህዝባዊ ግንባር ንምልማስ፡ ኣብ ኩሉ ከበቢታት ሳሕል ብሌይቲን ብቐትሪን ንልዕሊ ሓደ ወርሒ ብዘይምቁራጽ ዝቐጸለ ብርቱዕ ደብዳብ ነፈርቲ ኣካየደ።

ኣብዚ ወራር'ዚ፡ ጸላኢ ኣብ ኣጽዋር፡ ቀደማይ ዘይነበረ ብዙሒ ዘለዎ ናይ 130 ሚ.ሚ. መዳፍዕ ከውሰኽ እንከሎ፡ ሽዑ ዘመናውያን ዝነበራ ሓይሰቲ MI-24 ሄሊኮፕተራት ውግእ እውን ኣዳለወ። ኣብ ርእሲ'ዚ ደርግ፡ መርዝም ጋዝ ክጥቀም ምእንቲ ሓበሬታታት እናናፈሰ፡ ኣብ ተጋደልትን ህዝብን ጭንቀት ንምፍጣር ሰፊሕ ስነ-ኣእምሮኣዊ ዘመተ ተታሓሒዞዎ ነበረ።

ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ መወዳእታ 1979 ኣብ ግንባር ናቕፋ፡ ኣብ መጀመርታ 1980 ድማ ኣብ ግንባር ሶሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዕወት ጸረ-መጥቃዕቲ ብምፍጻም፡ ኣብ ልዕሊ ወራሪ ሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ዓቢ ዓወት ኣመዝጊቡ ነበረ። ኣብዚ ናይ ግንባር ናቕፋ ጸረ-መጥቃዕቲ፡ ካብ እምባ ደንደን ኣቒሉ ክሳብ ከባቢ ዓሽርም በጺሑ ብምንባሩ ድማ፡ ኣብ ደሮ ሻድሻይ ወራር፡ ህዝባዊ ሰራዊት ብሸነኽ ናቕፋ፡ ናብ ኣፍዓበት ዝቐምት ዕርድታት ሒዙ ነበረ። የጉዳስ፡ ምስ ምቕርራብ ሻድሻይ ወራር፡ መከላኸሊ መስመር ንምጽናዕ ተባሂሉ ግንባር ኣፍዓበት ግጥም ከይተኻየደሉ ናብ ሕዳይ ከምዝስሕብ ተገብረ። ማዕረ ማዕረ'ቲ ጸላኢ ዘካይዶ ዝነበረ ምድላዋት ከኣ፡ ተጋዳላይ ነቲ ወራር ንምምካት ዓቕሙ ዘፍቅዶ ምቅርራባት ይገብር ነበረ። ብፍላይ እቲ ስነ-ቀመማዊ ኩናት ሓደሽ ተርእዮ ስለዝነበረ፡ ነብሱ ከመይ ገይሩ ከም ዝከላኸል እናተማህረ፡ ልዑል ስነ-ኣእምሮኣዊ ምቅርራባት ገበረ። ኣብ ኣቃውማ ሰራዊት፡ ሓንቲ ሓዳስ ብርጌድን ካብ ኩለን ኣሃዱታት ዝተዋጽኣ ሰለስተ ፍሉያት ባጦሎኒታትን ከም ዝውሰኻ ተገብረ። ኣብ ክፍልታት ህ.ግ. ካብ ዝበሩ ተጋደልቲ እውን ገለ ክፋሎም ናብ ተዋጋኢ ሰራዊት ከም ዝሰጋገሩ ተገብረ።

ኣብ ደሮ ሻድሻይ ወራር እምበኣር፡ ኣብ ግንባር ናቕፋ፡ ብርጌዳት 51፡ 77 ከምኡ'ውን ክልተ ባጦሎኒታት ናይ ብርጌድ 58፣ ኣብ ግንባር ባርካ ብርጌድ 70፡ ሓደ ባጦሎኒ ናይ ብርጌድ 58 ክልተ ባጦሎኒ ናይ ብርጌድ 23፣ ኣብ ግንባር ሶሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፡ ብርጌዳት 44፡ 31፡ 4፡ ሓደ ባጦሎኒ ናይ ብርጌድ 23 ከምኡ'ውን 2 ባጦሎኒ ከቢድ ብረት ናይ ብርጌድ 76 ዓሪደን ነበራ። እተን ሰለስተ ፍሉያት ባጦሎኒታት 73፡74፡75 ከኣ ተጠባበቕቲ ኮይነን ይጽበያ ነበራ።

ወተሃደራዊ ውጥን ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ፡ ንሰራዊት ህዝባዊ ግንባር፡ ብኹሉ ወገን እንተላይ ብመሬት ሱዳን ተጠዊቓ ኣብ ከበባ ብምእታው፡ ኣብ ውሽጢ 2 ወይ 3 ሰሙን ምሉእ ብምሉእ ምድምሳስ እዩ ነይሩ። እዚ ገዚፍን ነዊሕ ምድላዋት ዝተገብረሉን ናይ መወዳእታ ክኸውን ዝተሓሰበ ደምሳሲ መጥቃዕቲ'ዚ ድማ፡ ናብ 15 ለካቲት 1982 ኣብ ዘውግሐ ለይቲ፡ ኣብ ሓደ ሰዓት ብዮንባራት ናቕፋ፡ ሶሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፡ ባርካን ሓልሓልን ተወልዐ።

እዚ ናይ ሞትን ሕየትን ግጥም ምስ ተጀመረ፡ ብሸነኽ ባርካ ካብ ዓዳት ክሳብ ሰልዓ ዝዘርጋሕ ሓደሽ ግንባር ዝኸፈተ ዓቢ ክፋል ሰራዊት ደርግ 'መብረቕ እዝ፡ ኣብ ውሽጢ ናይ ሳልስቲ ውግእ ኣብ ድብያ ህዝባዊ ሰራዊት ኣትዩ ተደምሰሰ። እዚ ናይ ግንባር ባርካ ስዕረት፡ ፍሽለት ሻድሻይ ወራር ከሎ ኹና ዝኣመተ እዩ ነይሩ። ስርዓት ደርግ፡ ብጠርካ ዘጠኮ መጥቃዕቲ፡ ብዙሕ ክሰገም ከምዝይክእል ምስ ተረድአ፡ ብኡ ንብኡ ተረፍ-መረፍ ሰራዊቱን ኣጽዋሩን ኣካኺቡ ብቐጽበት ናብ ግንባር ናቕፋ እዩ ደራቢዎ።

ኣብ ሶሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፡ ኣብ ቀዳሞት ሰሙናት ናይቲ ወራር፡ 'ውቃው እዝ፡ ብጼጋም መሬት ሱዳን ተኻሊሉ ንሰንሰለታዊ ኀቦታት ደምባቤት ተቖጻጺሩ፣ ብየማን ብፋሕ ዚሮ ኣቢሉ ክሳብ'ቲ ቀንዲ ሹቶኡ ኀ ማሽዕሊብ ብምብጻሕ ንምዝኡ ከቢድ ጸቕጢ ክፈጥር ክኢሉ ነበረ። የጉዳስ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ነቲ ብማሽዕሊብ ዝወፈረ ሓይሊ ጸላኢ ንሰሙናት ዝኣክል ማኪቱ ዘፍ ድሕሪ ምባል፡ ብሸነኽ ደምባቤት ጸረ-መጥቃዕቲ ወሲዱ፡ ንውጥን ከቢቡ ወራሪ ሰራዊት ደርግ ኣብርዓና።

ኣብ ሻድሻይ ወራር እቲ ዝበርትዐ ብዙሕ ማሳዋእቲ ዝተኸፍሎ መሪር ውግኣት ዝተኻየደሉ ቦታታት፡ ኣብ መንጎ ግንባራት ናቕፋን ሶሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ዝበረ ኣብ እዋን 5ይ ወራር ሳልሳይ ግንባር ተባሂሉ ዝተጸውዐ ቦታታት እዩ ነይሩ። ጸላኢ ብደብረጥሉል ናብ ኣግራዕ ወሪዱ መስመር ናቕፋ-ደጀን ክበትኽ ዝበሮ ምንቅስቓስ ድማ ዝያዳ ኩሉ ሓደገኛ ነበረ። ብምብራቓዊ ኣጻደፍ ናሮ ሓኸሩ፡ ናቕፋ ክኣቱ ዝተንቀሳቐሰ ሰራዊት እውን ኣብ ኣፍደገ ናቕፋ ንዘርክብ ስትራተጂያዊ ቦታ ብራኽ



1702 ድሓር "ታባውፋያት" ዝተሰምየ፡ ብምቁጽጻር፡ ኣብ መጀመርታ ናይቲ ኩናት ኣዝዩ ሓደገኛ ኩነት ፈጢሩ ነበረ። በዚ ከኣ፡ ኣብ ሕዳይ ዝበረ ደፋዓት ህሲ ናብቲ ናይ ቀደም መከላኸሊ መስመር፡ የማኡጸጋም እምባ ደንደን ከምዝስሕብ ተገብረ።

ብ16 ለካቲት ቀትሪ፡ ብሩባ ምሕናቕ ናብ መንደዓት ዝሓኸሩ፡ "ኣንበሳ" ዝበሃል መጸውዒ ዝበሮ ምሩጽ ሰራዊት ደርግ 3ይ ክፍሉጦር ጸላኢ፡ ብርቱዕ ሓይሊ ስለዝበሮ፡ ኣብቲ ከበቢ ንዝበሩ ገለ ባጦሎኒታት



ዓወት ድሕሪ ነዊሕን ደማዊን ምርብራብ

ህዝባዊ ሰራዊት፡ ካብቲ በረኽቲ ቦታታት ደፊኡ ናብ ጕላጉል ኣግራዕ ኣውረደን። እቲ ኩነታት ከቢድ ስግኣት ስለዝፈጠረ ከኣ፡ ኣብ ክፍልታት ደጀን ዝጸንሑ ተጋደልቲ፡ ምስተን ባጦሎኒታት ከም ዝጽንበሩ ተገብረ። ነዊሕ ከይጸንሐ ግና፡ እዘን ኣሃዱታት ተወሳኺ ሓይሊ ደሪበን ብምውድዳብ ጸረ-መጥቃዕቲ ፈጺሞን ብዙሕ ማሳዋእቲ ከፊለን፡ ንጸላኢ ካብ ከበቢ ኣግራዕ ጸሪገን፡ ኣብ በረኽቲ ኀቦታት መእደቢ ዓንቀር ጸለምን ከም ዝድረት ገበራኦ።

ድሕሪ'ዚ ዕወት ጸረ-መጥቃዕቲ'ዚ፡ ግንባራት ናቕፋን ሶሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ተላጊቡ፡ ካብ ደምባቤት ክሳብ ሮራ-ሓባብ ኣብ ዝተዘርግሐ መከላኸሊ መስመር ኣዝዩ መሪር ምርብራብ ቀጸለ። ሰራዊት ደርግ፡ ብዘየኮነ ዋጋ ናቕፋ ንምቁጽጻር ናይ ዓቕሊጽበት ውግእ ኣካየደ። እቲ ከቢድ ምርብራብ ንልዕሊ 10 መዓልታት ብዘይ እስትንፋስ ድሕሪ ምቕጻሉ ከኣ፡ ብ26 ለካቲት 1982፡ ኣብቲ ጸቕጢ ፈጢሩ ዝበረ ሳልሳይ ግንባር፡ ህዝባዊ ሰራዊት ጸረ-መጥቃዕቲ ወሲዱ ነቲ ወራሪ ሰራዊት ንጉልጎል ናሮ ኣጽደፎ። ብድሕሪ'ዚ፡ ንህዝባዊ ሰራዊት ኣኽቢብካ ምድምሳስ ዝብል ውጥን ከምዝይክኣል ብሩህ ኮነ። እንተኾነ መምለስ እግሪ "ብውሑዱ ናቕፋ ምቁጽጻር!" ዝብል ናይ ዓቕሊጽበት መጥቃዕቲታት ቀጸለ። ካብ ከበቢ መንደዓት ክሳብ ደንደንን ዕርዲ ፈረሰኛን ኣብ ዝበረ መከላኸሊ መስመር ከኣ፡ ሰራዊት ደርግ ኣሃዱታት እናቐያየረ፡ ንኣርባዕተ ኣዋርሕ፡ ብጽዑቕ ደብዳብ ከበድቲ ኣጽዋራትን ነፈርቲን እተሰነየ፡ ዓኸ ፍረ ዘይተረኽቦ ብርቱዕ ምርብራብ ኣካየደ። ኣብ ዕርድታት ሶሜናዊ ምብራቕ ሳሕል እውን ብተመሳሳሊ። የጉዳስ ኣብዚ ናይ ኣዋርሕ ከቢድ ምርብራብ ዕርድታት ህዝባዊ ሰራዊት ነቕ ኣይበለን። ሻድሻይ ወራር ካብ 20 ሰነ 1982 ብዓወት ህዝባዊ ሰራዊት፡ ብፍሻለት ወራሪ ሰራዊት ደርግ ተደምደመ።

ኣብ ሻድሻይ ወራር ስርዓት ደርግ ኣስታት 50,000 ሰራዊት ኣጥፊኡ፡ ከቢድ ስብኣዊን ንዋታዊን ክሳራ ተሰኪሙ። ህዝባዊ ሰራዊት ዝኸፈሎ ዋጋ እውን ቀሊል ኣይነበረን። ልዕሊ 2700 ብሉጻት ኤርትራውያን ተጋደልቲ ተሰዊኦም ልዕሊ 5000 ቆሲሎም። እዚ ዳርጋ ፍርቂ ዓቕሚ ናይቲ ሽዑ ዝበረ ተዋጋኢ ሰራዊት ህ.ግ. ምኻኑ እዩ።

ሻድሻይ ወራር፡ ሰውራ ኤርትራ ክሰዓርን ዘይክስዓርን ኣብ ከቢድ ፈተና ዝኣተወሉ፡ ተጋዳላይ፡ ብጥሙይ ከብዱ ኣብ ጠልጠል ኣጻድፍ እናሓደረን እናወዓለን ብዩቕሚ ኣዝዩ ምስ ዝተዓጻጸፈ ሰራዊት ገጢሙ፡ ክቡር ማሳዋእቲ ከፊሉ፡ ነዚ ፈታኒ መድረኽ ብዓወት ሰጊሩ፡ ቀጻልነትን ተዓዋትነትን ሰውራ ዘረጋገጸሉ፡ ጽንዓትን ጅግንነትን ህዝቢ ኤርትራ ደሚቑ ዝወጸሉ ፍሉይ ታሪኻዊ መድረኽ እዩ። ሎሚ ከም ስርሒት ፈንቅል ዝኣመሰለ ቅያታት ኣብ እንዝክረሉ እምበኣር፡ ንዓወት ፈንቅልን ምሉእ ናጽነትን ዘበቕዑ ቅድሚኡ ዝተኻየዱ መሪርን ደማዊን ምርብራብ ብልዑል ሃገራዊ ሓበን ክንዝክሮን ከይድምቐን ዝግብኦ እዩ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ኣድሓኑት ጎይትኦም፣ ብዓል ቤተይ ተኽለማርያም ኣብደም ሃይለ ስለዝዓረፈ፣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፣ 4 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን12/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሩታ ፍስሓጽየን፥ ኣዴና መኣዛ ተኽለይ ጌታሁን ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን12/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ቅዱሳን ተኽለየውሃንስ ገብረመሰ፥ ሓፍትና ለተጼን ተኽለየውሃንስ ገብረመሴ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ 5 ተተኣኻኢቲ ደቂ መዋቲት ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን2/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ብርኽቲ ዓንደሚካኤል ረዳ ብዓል ቤተይ ቀሺ ገብረብርሃን ተወልደመድህን ኣድሓኖም ቅድሚ 12 ዓመት ካብ ገዛ ምስ ወጸ ደሃይ ስለዘይብሉ፥ ጥፉእ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን20/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ብርኽቲ መንግስትኣብ ወልደኪዳን፥ ብዓል ቤተይ ኣቶ ገብረመድህን ወልደገብረኣል ወልደስላሴ ስለዝተሰወአ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፥ 10 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን 19/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ቤንሀር ኣስፍሃ ተወልደ ምግል ተረፉ፥ መርሃዊ ኣስፍሃ ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን2/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ወ/ሮ ፍዮሪ ቀሺ መሓሪ ተኸሳሲ ኣቶ ኤርምያስ መሰ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ብርም ሰለሙን ተሰፋጋብር ምግል ተረፉ፥ ብሪም ተሰፋጋብር ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን11/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ወ/ሮ ኣበ ሃብተማርያም መንግስቱ፥ ብዓል ቤተይ ደበሳይ ጺጋይ ማዘንግዕ ስለዝተሰወአ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፥ 6 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን 4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰላስ ተኽለ መንገሻ 2. በራኺ ተወልደ ኣሰገዶ፥ ወድና ስምኦን በራኺ ተወልደ ስለዝተሰወአ፥ ንሕና ወለዱ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን27/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ዓራፋት ሕዋርሼኽየሊ ምግል ተረፉ፥ ዓራፋት ሕዋርሼኽ ዓሊ በሺት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን19/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሽሻይ ተስፋልደት ፊደል፥ ስም ኣደይ ጺጋ ሃብተስላሴ ዑቕባስላሴ ምግል ተረፉ፥ ጥምቀቱ ቀላቲ ዓይላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን10/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ሰኪል ፍስሃ ዘርኣማርያም ምግል ተረፉ፥ ሰካር ፍስሃ ዘርኣማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን11/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ወ/ሮ ጉዑት ኣየለ ክፈሉ፥ ብዓል ቤተይ ያቆብ ኣስፍሃ ወሰነ ስለዝተሰወአ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፥ 1 ወዱ ደማ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ብርኽቲ ከሰተ ፍሰሃጽ፥ ብዓል ቤተይ ዓወት ከቦኒ ስለዝተሰወአ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን11/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

ሓምድ መሓመድኑር ዑመር ምግል ተረፉ፥ ኣሕመድ መሓመድኑር ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን28/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ኣብ መንጎ ከሳሲ ተስፋሚካኤል በራኺን ተኸሳሲ ሳምሶም ኣረፋይነ ክፍለማርያምን ናይ ገንዘብ ክርክር ከምዘሎ ዝፍለጥ ኮይኑ፥ ተኸሳሲ ን28/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፥ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ፍለጥ።

## ምልክታ ጨረታ

ቤ/ጽ/ምምሕዳር ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ከምኡ'ውን ቤ/ጽሕፈታት ጨናፍር ሚ/ራታት ሕርሻ፣ ንግድን ኢንዳስትርን፥ ኣብ ባጽዕ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ዝጥቀሙሉ ናይ ቤት ጽሕፈታት ንብረትን ዓይኒ ምድርን ዝርዝሩ እዚ ኣብ ታሕቲ ቀሪቡ ዘሎ ኮይኑ፥ ንሓደ ዓመት 2025 ዝገልግል ውዕል ጽገናታት ከጫርት ስለ ዝደለየ፣ በብዘሎዮኦም ኣገልግሎት ዝሀቡ ተጫረትቲ ይዕድም።

1. ኮምፕዩተራት፣ ፕሪንተራት፣ ፎቶኮፒ፣ ፋክስን ምንጋፍ፥ ምጽራይን ምጽጋንን።
2. ምጽጋን መስመራት ኤሌትሪክ፥ ኣየርኮንደሽን፥ ፍሪጅ፥ ቬንቲለተራትን መብራህትን።
3. ምጽጋን መስመራት ጽሩይን ረሳሕን ፈሳሲ (ዓይኒ ምድሪ) ስርሓት ድራውሊክ።
4. ምጽጋን ንብረት ቤት ጽሕፈታት ደርዋራት፥ ኣርማድዮ፥ መዓጹ፥ ፍነስትራ፥ ወዘተ።

ተጫረትቲ ከማልእዎም ዘለዎም ረቛሒታት፦

01.ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን የቕርቡ።
02.ተጫረትቲ ይ ዓመት 2024 ካብ ዕዳ ናጻ ምስክር ወረቐት ናይ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር የቕርቡ።
03.ተጫረትቲ፥ መኽበሪ ጨረታ 5000 ናቕፋ (ሓሙሽተ ሽሕ ናቕፋ) ብCPO የትሕዙ።
04. ተጫረትቲ ክህብዎ ዝኽእሉ ኣገልግሎት ዝገልጽ ዝርዝር ሓበሬታ፣ ሰነድ ጨረታ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት መጺኦም 50 ናቕፋ ዘይምለስ ከፊሎም ይወስዱ።
05. ተጫረትቲ በዚ ተጠቒሱ ዘሎ ሞያ ዝሰርሕሉ ተመክሮታት ዝገልጽ ናይ ስራሕ ብቕዓት ምስክር ወረቐት የቕርቡ።
06. ተጫረትቲ ዝመልእዎ ሰነድ ጨረታ ብዝተዓሸገ ሰታሪት ኣብ ጨ/ሓ/ኣገልግሎት ኣሃዱ ዕድጊ ምጽዋዕ ኣብ ሳንዱቕ ጨረታ የእትዉ።
ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ንሓደ ወርሒ ዝኣክል ክፉት ኮይኑ፥ ኣብታ ትቕጽል ናይ ስራሕ መዓልቲ ሰዓት 9:30 ቅ/ቐ ሳንዱቕ ጨረታ ይዕጾ። ኣብታ ዕለት ከኣ ሰዓት 10:00 ቅ/ቐ ኣብ ቤ/ጽ/ክ/ምም/ፋይናንስን ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ሳንዱቕ ጨረታ ይኽፈት።
ምምሕዳር ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፣ እዚ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ምምሕዳር ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ጸዕራት ኣብ ዓዲ ቤት መኻኢ፥ ብስም በርሀ ኣስፍሃ ቃሉ ዝፍለጥ መንበሪ ገዛ፥ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 114464 ብመወከሲ ቁጽሪ 136137 ዝተመዝገበ ብውርስን ምቕሊትን ዝረኸብክዎ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፥ ኑቲ ብምቕሊት ዋንነት ናተይ ገዛ ስፍሓቱ 72.00 ት/ሜ 2 ቀንዲ ክፍልታት ምስ 1 ተሓጋገዚቲ ክፍሊ ናብ ዋንነት ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፥ ሕጊ ብዘፍቕዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ይግባይ ተባሂሉ እንተኒዩሩ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ሓዚኡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታዮ ዞባ ማእከል ይቕረብ።

ሰመረ በርሀ ኣስፍሃ



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ኸፍቅራ ወላዲትና ወ/ሮ ምሻሹ ኣርኣያ ሃብተገርግሽ፥ ዝተሰመዐና ሓዘን እናገለጽና፣ ከሳብ ዝዀነ ብምኻድ ዘቃበርኩምና፥ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጢን ወጻኢን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንገልጽ።

ምሉኣት ስድራቤት



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ዘፍቅራ ክብርቲ ብዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ለተክርስቶስ ጳውሎስ ኣድሓኖም፥ ዝተሰመዐና ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ኣፈልባ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ዘቃበርኩምና፥ ኣብ ኣስመራ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋልን ተኻፊልቲ ሓዘንና ዝኾንኩም፥ ቤተሰብን ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ንገልጽ።

ብዓል ቤታ ኣቶ ምሕረትኣብ በራኺ ሓልየሰን ደቆምን ምስ ምሉኣት ስድራቤት



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ዘፍቅሮ ክቡር ብዓልቤተይ የማነ ተኸስተ ሚካኤል፥ ዝተሰመዐና ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ዓዲ ኳንደባ ዘቃበርኩምና፥ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብተሌፎንን ዘጸናናዕኩምና የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንገልጽ።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ኑብያት ስባሁቱ ደቁን ምሉኣት ስድራቤትን

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ሰሜናዊ ምዕ/ ከባቢ ልምዓት፥ ጎደና 863-199 ዚፕ ኮድ 1A863 ፕሎት 252 ቁ. ፓርሰል ዞን ASP 00016118 ፓርሰል H ዓይነት ገዛ G+1 ብስም ግርማይ ንጉሰ ገብረሚካኤል ዝተመዝገበ ሊብረቶ ናይ ገዛ ስለ ዝጠፍኣኒ፥ ረኺቡዎ ወይ'ውን ብዕዳ ሒዙዎ ዝበሃል እንተሃልዩ፥ ብቴለ 07144542 ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ደዊሉ ይርከበኒ። እንተዘይኮይኑ፥ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ግርማይ ንጉሰ ገብረሚካኤል

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ጎዳይፍ ከባቢ/ዚፕ ኮድ Godaif 1A714 ዝርከብ ብመለለዪ ገዛ ASD00045547 ዝፍለጥ፥ ኣብ ቤ/ጽ/ፓብሊክ ኖታሪ ብንብረት ቁ.መዝ/6134/19 ብዕለት 31/1/19 ብስም ሳባ ብርሃነ ተስፉ ዝተመዝገበ፥ ስፍሓቱ 103 ት/ሜ ዝኾነ ገዛ ስለዝዓደግኩዎ'ሞ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፥ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ብዘለኒ ሰነዳት ስም ከመሓላልፍ ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ምሕረትኣብ ሃብተስላሰ ወልደስላሰ

ኣነ ተሰፋይ ሃይለ ትኩእ ዝተበሃልኩ፥ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ገጀረት ዚፕ 1A177 ፕሎት 73R ፓርሰል I ጉደና እምባረሚ ቁጽሪ ገዛ 34 ዝርከብ፥ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 1BRASM018272/0 ብዕለት 10/05/2023 ብስመይ ተመዝገቡ ዋንነቱ ዝተረጋገጸለይ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛይ ስለ ዝሸጥክዎ'ሞ ናብ ስም ዓዳጊቲ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ሒዝና ጉዳይና ክንፍጽም ምዃንና ንሕብር።

ኣቶ ተሰፋይ ሃይለ ትኩእ

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ‘እስራኤል፡ ንኑክለስያዊ መደባት ኢራን ከተጥቅዕ ትኽእል እያ’ ተባሂሉ

እስራኤል፡ ኣብ መፋርቕ'ዚ ዓመት'ዚ ኣብ ልዕሊ ኒዩክለሲያዊ ፕሮግራም ኢራን መጥቃዕቲ ክትፍጽም ተኽእሎ ከምዘሎ፡ ጋዜጣ ‘ዋሽንግቶን ፖስት’ ንዝተፈላለዩ ጸብጻባት ትካል ስለያ ኣመሪካ ብምጥቃስ ዝሓለፈ ረቡዕ ሓቢራ።

ከምዚ ዓይነት መጥቃዕቲ ንኑክለሲያዊ ፕሮግራም ኢራን ብሰሙናት ወይ ብኣዋርሕ ንድሕሪት ክመልሶ እንከሎ፡ ኣብ'ቲ ዞባ ንዘሎ ወጥሪ ድማ ኪጋድድ ምኻኑ፡ እቲ ኣብ ምውዳእ ምምሕዳር ባይደንን ምጅማር ምምሕዳር ትራምፕን ዝዘዘርግሐ ዝተፈላለየ ስለያዊ ጸብጻባት ይሕብር።

ቤት-ጽሕፈት ዋይት ሃውስ፡ መንግስቲ እስራኤል፡ ሲ.ኣይ.ኤን፡ ንዘቐረበሎም ሕቶ ርእይቶ ክህቡ ከምዘይደለዩ፡ እታ ጋዜጣ ወሲኻ ሓቢራ።

ኣፈኛ ባይቶ ሃገራዊ ድሕነት ዋይት ሃውስ ብራያን ሂዩዝ ንጋዜጣ ዘ ፖስት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ “ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ኢራን ኑክለሲያዊ ኣጽዋር ክትውንን ኣየፍቅድን'ዩ” ኢሉ።

ይኹን'ምበር፡ ትራምፕ፡ እቲ ጉዳይ ብሰላማዊ መንገዲ ክፍታሕ ከምዝመርጽ ብምጥቃሱ ኢራን ፍቓደኛ እንተዘይኮይና ግና ኣመሪካ ንኢራን ትጽበየሉ ምኽንያት ከምዘየሉ እቲ ኣፈኛ ኣረጋጊጹ።

ኢራንን እስራኤልን ዝሓለፈ ዓመት ብሰንኪ ኲናት ቓዛ ኣብ ሃንሕድሕደን ናይ ሕጉምፍዳይ ስጉምቲታት ክወስዳ ምጽንሐን ይፍለጥ።




## “ሓድሽ መንግስቲ ሶርያ ዝመጽእ ወርሒ ክቐውም እዩ” ሳና

ኣብ ዝመጽእ ወርሒ መጋቢት ሓድሽ መንግስቲ ሶርያ ክቐውም ምዃኑ፡ መንግስታዊት ማዕከን ዜና'ታ ሃገር ‘ሳና’ ንግዚያዊ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሶርያ ኣሳድ ኣል-ሻይባኒ ብምጥቃስ ሓቢራ።

ኣል-ሻይባኒ፡ እቲ ሓድሽ መንግስቲ ንኹሉ ክፋላት ህዝቢ ሶርያ ክውክል ምኻኑ ጎድኒ ጎድኒ'ቲ ኣብ ዱባይ ዝካየድ ዘሎ ዋዕላ መንግስታት ዓለም ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ኣብሪሁ።

“ኩሎም ሶርያውያን ኣብ'ዚ ለውጢ ተራ ተጻዊቶም እዮም። ምስ ዝኾነ ይኹን ለውጢ ዝመጽእ ስክፍታታት ንርዳእ ኢና፡ ኣብ ህዝብና ድማ ምትእምማን ንምስፋን ንሰርሕ ኣለና” ክብል እቲ ብዓልስልጣን ሓቢሩ።

ንሱ ወሲኹ፡ ማሕበረሰብ ዓለም እገዳ ምዕራባውያን ኣብ ልዕሊ ሶርያ ክለዓል ብምጉስጓስ ነቲ ሓድሽ መራሕነት ሶርያ ክድግፍ ድማ ኣተሓሳሰበ።

ዳግመ-ህንጸት መንግስትን ሰራዊትን ግዜ ክወስድ ምኻኑ ዘረድአ ኣል-ሻይባኒ፡ እንተኾነ ኣብ'ታ ሃገር ናይ መጀመርታ ምዕባለታት ይርአ ከምዘሎ ኣመልኪቱ።

ኣል-ሻይባኒ፡ ርክብ ሶርያ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምዝርከብ ብምግላጽ ድማ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ብዕድመ መንግስቲ ዒራቕ ዲፕሎማስያዊ ዝርርብ ንምክያድ ናብ ባቕዳድ ከምዝበጽሕ ገሊጹ።

ብተወሳኺ፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ሓይልታት ምክልኻል ሶርያ፡ ኣብ መላእ ሃገር ጸጥታ ንምሕላው ዘለዎም ድልውነትን ተወፋይነትን ንምግላጽ ኣብ ከተማ ኣሌፖ ወተሃደራዊ ሰልፊ ከምዘካየዱ፡ መንግስታዊት ጋዜጣ ‘ኣልታውራ’ ኣብ ዘውጸኦቶ ጸብጻብ ሓቢራ።



## “መራሕቲ ኣመሪካን ሩስያን ክራኸቡ'ዮም” ተባሂሉ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ስልጣን ካብ ዝሓዘ ንፈለማ እዋን ምስ ፕረዚደንት ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲን ኣብ ስዑዲ-ዓረብ ርክብ ክካየድ ምኻኑ ሓቢሩ።

ትራምፕ ነዚ ዝሓበረ፡ ምስ ፕረዚደንት ፑቲን ነቲ ንሰለስተ ዓመታት ዝቐጸለ ኲናት ዩክሬን ኣመልኪቶም ናይ 90 ደቓይቕ ናይ ቴሌፎን ዝርርብ ድሕሪ ምክያዶም እዩ።

ትራምፕ ኣብ'ቲ ዝሓለፈ ረቡዕ ምስ ፕረዚደንት ፑቲን ዘካየዶ ናይ ቴሌፎን ርክብ፡ ክልቲኦም መራሕቲ፡ ኲናት ደው ንምባል ዝርርብ ክጅምሩ ከምዝተሰማምዑ ገሊጹ።

“ፕረዚደንት ፑቲን ናብ ኣመሪካ ክመጽእ፡ ኣነውን ናብ ሩሲያ ክኸይድ እዩ ትጽቢት ዘሎ፡ ቀዳማይ ግና ኣብ ስዑዲ-ዓረብ ክንራኸብ ኢና” ክብል ትራምፕ ድሕሪ'ቲ ናይ ተሌፎን ርክብ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ኣብሪሁ።

እቲ ርክብ ዝካየደሉ ዕለት ዛጊት ከምዘይተወሰነ ዝሓበረ ትራምፕ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ከምዝካየድን ልኡል ስዑዲ-ዓረብ መሓመድ ቢን ሳልማን ድማ ኣብ'ቲ ርክብ ክሳተፍ ምኻኑን ኣመልኪቱ።

ኣቐዲሙ ኣፈኛ ቤት-ጽሕፈት ክረምሊን ዲሚትሪ ፔስኮቭ፡ ፕረዚደንት ፑቲን ንትራምፕን ሰበስልጣን ምምሕዳሩን ናብ ሩሲያ ብምምጻእ ኣብ ጉዳይ ዩክሬን ክዛተዩ ከምዝዓደሞም ኣፍሊጡ ነይሩ።

“ፕረዚደንት ፑቲን፡ ንፕረዚደንት ኣመሪካ ናብ ሩሲያ ክበጽሕ ዓዲምዎ ኣሎ፡ ኣብ'ቶም ሓበራዊ ኣጉዳይት ዘለዎም መዳያት ንምዝርራብ ድማ ኣብ ሩሲያ ንዝርከቡ ሰበስልጣን ኣመሪካ ተቐቢሉ ከዘራርብ ድልውነቱ ገሊጹ ኣሎ” ክብል እቲ ኣፈኛ ምሕብሩ ኣይርሳዕን።





## ሰኔጋል፡ ሰራዊት ፈረንሳ ተባርር

መንግስቲ ሰኔጋል፡ ኣብ ሃገሩ ዓስኪሮም ዘለዉ ሰራዊት ፈረንሳ ኣብ መወዳእታ እዚ ዓመት'ዚ ክወጹ፡ ክልቲአን ሃገራት ከምእተሰማምዓ ተሓቢሩ።

ክልቲአን ሃገራት ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ዘውጸአኦ ሓበራዊ መግለጺ፡ ኣብ መወዳእታ 2025 ሰራዊት ፈረንሳ ክወጹ ዝከታተል ሓባራዊ ኮሚሽን ይምስርታ ከምዘለዋ ሓቢረን።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ክልቲአን ሃገራት፡ ስትራተጂያዊ ቀዳምነታት ኩሎም ወገናት ኣብ ግምት ዘእተወ ሓድሽ ሽርክነት ምክልኻልን ጸጥታን ክሰርሑ ከምዝወጠኑ ገሊጾም።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሕዳር ፕረዚደንት ሰኔጋል ባሲሩ ዲዮማየ ፋዩ፡ መዓስከራት ሰራዊት ፈረንሳ ምስ ልኡላውነት እታ ሃገር ዘይቃዶ ምኻኑ ብምጥቃሱ እቶም 350 ሰራዊት ፈረንሳ ክወጹ ከምዘለዎም ኣፍሊጡ ነይሩ።

እቲ ፕረዚደንት ነቲ ጻውዒት ዘቕረበ፡ ኣብ 1944 ብመግዛእታዊ ሓይልታት ኣብ ልዕሊ ወተሃደራት ምዕራብ ኣፍሪቃ ዝተፈጸመ ጃምላዊ ቅትለት መበል 80 ዓመት ኣብ ዘቐጸረሉ እዩ።

ካብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ሰራዊታ ክትስሕብ ብተደጋጋሚ ጻውዒት ክቐርበላ ዝጸንሐት ፈረንሳ፡ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ጥሪ ሰራዊታ ካብ ጫድ ጠቕሊላ ከተውጽእ እንከላ፡ ኣይቮሪኮስት ድማ ሓይልታት ፈረንሳ ከምዝወጹ ኣቐዲማ ምሕባራ ኣይርሳዕን።

ወተሃደራውያን መንግስታት ማሊ፡ ቡርኪናፋሶን ኒጀርን ብወገኖም፡ ኣብ 2022 ኣስታት 4300 ወተሃደራት ፈረንሳ ካብ ሃገሮም ምብራሮም ይዝከር።



## ህንዲ ንፊሊፒንስ ሚሳይላት ክትሸጠላ ምኻና ተሓቢሩ

ህንዲ፡ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ልዕሊ 200 ሚልዮን ዶላር ዝዋግኡ ናይ ሓጺር ርሕቀት ሚሳይላት ንፊሊፒንስ ክትሸጠላ ምኻና፡ ምንጭታት ህንዲ ንሮይተርስ ሓቢሮም።

እቶም ስሞም ዘይተጠቕሱ ምንጭታት፡ እቲ ክሳብ 25 ኪ.ሜ ርሕቀት ክውንጨፍ ዝኽእል ሚሳይላት ዝሓለፈ ዓመት ብ230 ሚልዮን ዶላር ናብ ኣርመንያ ከም እተላእከ ብምሕባር፡ እዚ ናይ ሕጂ መሸጣ ካብ'ቲ ምስ ኣርመንያ ዝተገብረ ክዕቢ ከምዝኽእል ድማ ኣረዲኦም።

ይኹን'ምበር፡ እቲ ብዙሒ ሚሳይላትን ምስኡ ዝኸይድ ስርዓታትን ራዳርን ኣይተገልጸን።

ኣፍረይቲ ናይ'ቶም ሚሳይላት ‘ህንዲ ባሃራት ዳይናሚክስ’፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ፊሊፒንስ ኣብ ዝተኻየደ ምርኢት ምክልኻልን ጸጥታን ኤሽያ ሓዲ ካብ'ቶም ምርኢት ዘቕረቡ ኩባንያ ምንባሩ ጸብጻባት የመልክቱ።

እንተኾነ፡ እቲ ኩባንያን ሚኒስትሪ ምክልኻል ህንድን ንዘቐረበሎም ሕቶ ብቕጽበት መልሲ ኣይሃቡሉን ኣለው።

እዚ ዕድጊ፡ ፊሊፒንስ ወተሃደራዊ ሓይላ ኣብ እተማዕብለሉ ዘላ እዋን ከምዝፍጸም ይግለጽ ብምህላው፡ ፊሊፒንስ ብጉዳይ ባሕሪ ደቡብ ቻይና ምስ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ዘለዋ ወጥሪ ዝያዳ ኩቡእሶ ከምዝኽእል እዮም፡ ምስ'ቲ ጉዳይ ቀረብቲ ዝለዎም ወገናት ዝገልጹ።

እዚ ትጽቢት ዝግበረሉ ስምምዕ ህንዲ ኣብ 2022 ንፊሊፒንስ ማእከላይ ርሕቀት ዘለዎ ‘ብራህሞስ’ ዝተሰምየ ሱፐርሶኒክ ክሩዝ ሚሳይል ብ375 ሚልዮን ዶላር መሸጣ ሰዒቡ እዩ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ. |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ካተድራል | 14/02/25 | ጎደና ዶጎሊ 171-65 ከባቢ ኣልፈርማዮ ጥቓእንዳ ኦርሲ ጋራጅ | 127188 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services